# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.133 ሰንበት 2 ለካቲት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2



ስለምንታይ ኬሚስትሪ ንምሃር


ገጽ 4

ኣከባብያዊ ኣሰር፡ጸር...




ገጽ 5

ካብ ጥንታውያን ስልጣነታት ዓለም



ገጽ 6




ምስጢራት ዓወት

ገጽ 11

ሃገራዊ ውድድር ክለባት...



## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ገምጋም ስራሕ 2024 ኣካዪዱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ናይ 2024 ንጥፈታት ዞባታት፡ ክፍልታትን ጨናፍርን ንምግምጋም፡ ከምኡ'ውን ጽላታዊ ወጥን 2025 ንምስኣልን ዝዓለመ ኣኼቡ፡ ካብ 29 ክሳብ 31 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ መሻርኽቲ ልምዓት'ውን ዝተረኸብሉ ኣኼቡ ሳላ ዝበረኸ ህጡር ክራማትን ወህድ ስራሕን፡ ካብ ዝተሓርሰ ልዕሊ 414 ሽሕ ሄክታር፡ ጥረታት ልዕሊ 38 ሽሕ ሄክታር፡ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ኣስታት 60 ሽሕ ሄክታር፡ እቲ ዝሰፍሐ ድማ ኣሕካል ከምእተዘርአ፣ ምህርቲ ድማ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ናይ 138 ሚእታዊት ዕበየት ከምዝመዝገበ ተገሊጹ።

ንልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ብዝምልከት፡ ካብ ኣስታት 4,800 ሄክታር ልዕሊ 67 ሽሕ ቶን ፍረታት፣ ካብ ልዕሊ 14 ሽሕ ሄክታር ድማ ልዕሊ 182 ሽሕ ቶን ኣሕምልቲ ከምእተረኽበ በሪሁ።

ልምዓት ጸቢ፡ ብሰንኪ ዋሕዲ መግቢ እንስሳን ንመግቢ እንስሳ ዝኸውን ውሑስ መሬትን ጎስጓስ ከምዘጋጠመ፣ ኣብ ቀረብ እንቋቑሖ'ውን ብዘተሓሳሰበ ብዙሕ ስራሕ ከምዘድሊ ክሕበር ከሎ፡ ምህርቲ መዓር ግና ምስ ናይ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ብምንጽጻር ወሰኽ ከምዘርኣየ ተጠቒሱ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ቦታ ሕርሻን ማይክዕዎታትን ብድምር



ኣብ ኣስታት 53 ሽሕ ሄክታር ሓደሽ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፣ ኣብ ሸዱሽተ ሽሕ ሄክታር ድማ ጽገና ከምእተኻየደ፣ ኣብ ርእሲ'ዚ - ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሜትሮ ክቦ ሓደስቲ ከትርታት ከምእተሰርሐን ኣስታት 100 ሽሕ ሜትሮ ክቦ ከምእተጸገነ፣ ከምኡ'ውን 24 መጠኑ ንኡስ ዲጋታት ክዝዘም ከለዉ፡ 22 ዲጋታት ኣብ መስርሕ ከምዝርከብ ተሓቢሩ።

ጥዕና እንስሳ ንምውሓስ ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ንልዕሊ ሓደ ሚልዮን ጥሪት ክታበት ከምእተዋህበ፣ መጠን ሕማማትን ሞትን እንስሳታት ድማ ኣዝዩ ትሑት ምንባሩ ክግለጽ ከሎ፡ ኣንበጣ ምድረበዳን ገረብን ንምቁጽጻር ኣብ 770 ሽሕ ሄክታር ዳህሳስ ከምእተገበረ፡ ኣብ ልዕሊ 34 ሽሕ ሄክታር ዝሰፍሐቱ መሬት ድማ ቁጽጽራዊ



ስራሓት ከም እተሰላሰለ ተፈሊጡ።

ኣብ'ዚ ኣኼቡ ንንጥፈታት ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሕርሻዊ ምርምር፡ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን፡ ምምሕዳርን ፋይናንስን፡ ኣገልግሎት ሕግን ኦዲትን፡ ስትራተጂያዊ ስርዓተ ሓበሬታ ሕርሻ፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ከምኡ'ውን ገስጋስን ሓበሬታን ዝገልጽ ጸብጻባት'ውን ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ዝሰራሕ ዘሎ ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺታት ብፍላይ ድማ ዲጋታት ብምዕቡእ ኣብ ልምዓት ክውዕልን ኣበርክቶኡ ክገምገምን፣ ወገሐቲ ጀራዲን ብጹሓያዊ ጸዓት ንኽለምዕ ኣድላዪ ደገፍ ክግበረሎም፣ ብኸቱር ድሕረ-ምህርቲ ንምውጋድ ብዕቱብ ክስራሕ፣ ባሕርያዊ ኣግቦብ ሕርሻ ክድፋኣሉ፣ መፍረ ደርሁ-ገደና ክተባባዕ፣ ኣብ እንስሳታት ዝግበር ምርምራዊ ስራሓት ክሕይል ዝብልን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ምዕዋት ንኡስን ርቡሕን ቃጻያ ሕርሻ ግሉሕ ኣበርክቶ ንዘበርኩ 100 ክኢላታትን ኣወሃሃድቲ ስራሕን፡ ከምኡ'ውን ዞባታትን ንኡስ ዞባታትን ሽልማት ተዓዲሎ፡ብዚ መሰረት፡ ብደረጃ ሃገር ዞባ ማእከል ቀዳመይቲ፣ ብደረጃ ንኡስ ዞባታት ድማ ንኡስ ዞባ በርኽ ቀዳሞት ብምኳን ተሸሊመን።

ሚኒስተር ኣረፋይነ በርህ ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ ጸብጻብ 2024 ተዓቀንትን ኣብ ውጽኢት ዘተኮሩን ኩይኖም ምቕራቦም ብምምጓስ፡ ሽቶ 'ውሑሰን መኣዘውን መግቢ ንኽሉ፣ ኣብ ከሉ!' ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዘበሩ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ኣብ 2025 መደብ ንኡስን ርቡሕን ቃጻያ ሕርሻ፡ ምስ ምርባሕ ደርሁን ምስራሕ ጋባኣዊ ቆፎታትን ተሳንዩ ክትግበር ተላቢዑ።

## ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፡ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ



ስእሊ. ሳልሕ ዓብደልቕድር




ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፡ ብ30 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ካልኣይ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ።

ፕረዚደንት ማሕበር ዶ/ር ዘርኣብሩኽ ተስፋማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብመሰረት ቅዋም ማሕበር፡ ጉባኤ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ክተኻየድ'ኳ እንተነበረ፡ ለበዳዊ ሕማም 'ኮቪድ -19' ንምክልኻል ብዝተወሰደ ስጉምቲ ክናዋሕ ግድን ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ጸማቑ ጸብጻብ ንጥፈታትን ፋይናንስን ከምኡ'ውን ትምህርታዊ ብቕዓት ኣባላት ክብ ኣብ ምባል ኣበርክቶ ዘለዎም መተግበራታትን ቀጻልነት ስልጠናታትን ዝምልከት መግለጺ ተዋሂቡ።

ተጋባእቲ ድሕሪ ዝተኻየደዎ ዘተ፡ ኣባላት ብቕጻሊ ዝመያየጡሉ ባይታ ክጣጣሕ፣ ምርምራዊ መጽናዕትታት ክተባባዕ፣ ቀጠባዊ ዓቕሚ ማሕበር ዘደንፍዑ ንጥፈታት ክድፈኣሎም፣ ከምኡ'ውን ምስ ስልጠናታት ተኣሳሲሩ ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶታት ክሕይል ዝብልን ካልእን ለበዋታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ሃገራዊ ማእከል ምክትታል ጉድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት ዶ/ር ሙሉጌታ ርእሶም፡ ንኣምራጺት ሽማግለ ወኪሉ ንኣጎቦት ማስርሕ ምርጫ ዘበርሀ መግለጺ ድሕሪ ምሃቡ፡ ኣባላት ኣብ ማሕበር ምጥርናፍ ዘለዎ ረብሓን ዘሰዓበ ሓላፍነትን ብዝምልከት ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተጋባእቲ ንዝቕጽል ክልተ ዓመት እተገልግል ፈጻሚት ሽማግለ መሪጾም።

ፕረዚደንት ማሕበር ዶ/ር ዘርኣብሩኽ ተስፋማርያም ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ደረጃ ኣገልግሎት ጥዕና ንኽረክብ ካብ ቀንዲ ዕላማ ማሕበር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ዓቕሚ ማሕበር ብዝፈቕዶ ስሩፍልጠታዊ ዋዕላታት ክውደብ ምጃንሑን ብዝሓየለ ከምዝቕጽልን ኣረዲኡ።

ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ወርሒ ኑሓሰ 2017 ዝቖመ ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፡ 300 ኣባላት ኣለውዎ።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ስለምንታይ ኬምስትሪ ንምሃር

ኩሉ ፍልጠት ካብ ከባቢና ከም ዝጅምር ኩሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ እንምሃሮ ዓውደ-ትምህርቲ ምስክርና እዮም። ማሕበራውን ተፈጥሮኣውን ስነ-ፍልጠት ኩሉ ምስ ከባቢና ዘለና ምትእስሳርን ኣበርክቶን ይምህረና እዩ። ኬምስትሪ'ውን ሓደ ካብኦም እዩ። ኣብ ሓደ መዓልቲ እንገብሮ ብዙሕ ንጥፈታት ግብራዊ ኣብነት ኬምስትሪ እዩ። ካብ ስርዓተ-ምስትንፋስና ጀሚርካ፡ እናተፈለጠና ኰነ ከይተፈለጠና ግብራዊ ምርምር ኬምስትሪ ኣብ መዓልቲ ከይዓየና ክሕለፍ ኣይከኣልን። ንግሆ ቍርስና ክንገብር ንውልዓ ጋዝ፡ ፈሓም፡ ዕንጨይቲ...፣ መግቢ ምስ በላዕና ኣብ ውሽጢ ኣካልና ዘሎ ምቅጻል (combustion)፣ ኣብታ ኣፍና ንኽፍተላ ሻሂ ዓቂንና እነእትዎ ማይ፡ ቀጠፍ፡ ሽኮርን ቀመምን፣ ክዳውንትና ክንሓጽብ እነፍልሖ ሳሙና፣ ወዘተ. ኩሉ ኣብቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኬምስትሪ ኢልና እንምሃሮ ዓይነት ትምህርቲ ተሓቚፉ ዘሎ ቍምነገር እዩ።

ኬምስትሪ ሓደ ካብቶም ኣብ ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት (ባዮሎጂ፡ ፊዚክስን ኬምስትሪን) ተሓቚፎም ዝርከቡ ፍልጠታት ኰይኑ፡ ዓብን ግብራውን ኣገዳስነት ዘለዎ ዓውዲ እዩ። ብፈተነን ትዕዝብትን ዝርከብ ብምዃኑ፡



"ናይ ፈተነ ስነ-ፍልጠት" ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ንሓቂ፡ ዝተፈላለዩ መስርሓት፡ ሕግታትን ኣምራትን ንምግላጽ'ውን ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ይቕርብ። ኬምስትሪ ንምስግጋር ናይ ሳብስታንስ ዘጽንዕ ክፋል ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት እዩ። ኣብ ናይ ኬምስትሪ ትምህርትና ንጠባያት፡ ትሕዝቶ፡ ኣቃውማን ቅርጽን ሳብስታንስ ንምሃር ኢና። ሓደ ሳብስታንስ ናብ ካልእ ሳብስታንስ ክቕየር እንከሎ ዘሎ ኣገባብ፡ መስርሕን ውጽኢቱን ኬምስትሪ እዩ ዘብርሃልና።

ኬምስትሪ ንምስግጋር ሓደ ሳብስታንስ ናብ ካልእ ዓይነት ሳብስታንስ ዘጽንዕ ካብ በልናዮ፡ ኩሉ ዝፈሪ ነገራት ናይዛ ዓለም ድማ ውጽኢት ናይ ኬምስትሪ ፍልጠት ይኸውን ኣሎ። ናይ ኬምስትሪ ፍልጠት ተጠቒመን ዘይሰርሓ ኢንዱስትሪታት ኣዝየን ኣዝየን ውሑዳት፡ ብኣጻብዕቲ ዝቝጸራ'የን ክኾና ዝኽእላ። ዝዓበየ ኣገዳስነት ኬምስትሪ ኸኣ ንወዲ-ሰብ ዘድልዩ ነገራት ኣብ ምፍራይ እዩ። ምዕባለ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብቲ ዘፍርዮ ነገራት ይምርኰስ እዩ። ኬምስትሪ ኸኣ ኣብዚ ንሕብረተሰብ ዝልውጥ ስራሕ ኣገዳሲ ተራ ይህልዎ።

ኣብ ከባቢና ወይ መዓልታዊ እንጥቀመሉ ነገራት ኩሉ ከም ኣብነት ክንወስዶ ንኽእል ኢና። ኩሉ ከምታ ዘለዋ ኣይኰነን መፈጠሩ። ካብ ሓደ ዓይነት ናብ ካልእ ክቕየሩ ዝካየደሎም መስርሓት ኣሎ። ንድቅሰሉ ፍርናሽ፡ ንበልዓሉ ድስቲ፡ ንሰትየሉ ኩባያ (ብኬሪ)፡ መጽሓፍትና፡ ንጓዓዘላ መኪና፡ ወዘተ.። ኩሎም ኣብዚ ዓለም ዝርከብ ነገራት ውጽኢት ብዙሕ ኬሚካላዊ ውህደታት እዩ። ኬምስትሪ ኸኣ ነዚ ኬሚካላዊ ውህደታት ዝነግር ፍልጠት እዩ። ብኬምስትሪ ዝተወሰደ ትዕዝብትታት ከም ዘመስከሮ፡ ዳርጋ ኩሎም ነገራት ብመሰረታዊ፡ ዝነኣሰ፡ ዝወሓደ... ሳብስታንስ ዝቘመ እዩ። እቶም መሰረታውያን ሳብስታንስ ከኣ ባእታታት እዮም። እዞም ባእታታት ንሓድሕዶም ብዝተፈላለየ ዓቐንን ብዝሕትን ክወሃሃዱ እንከለው፡ ዝተፈላለዩ ኮምፓውንድ የቚሙ። ኩሉ ወዲ-ሰብ ዝጥቀመሉ ዝተፈላለየ ሚልዮናት ኮምፓውንድ ካብ መሰረታውያን ዝኾኑ ባእታታት ዝቖረበ እዩ። ንሓደ ኮምፓውንድ ክትሰርሕ ወይ ክትመቅል፡ ሓድሽ ነገር ክትሰርሕ እንተ ደሊኻ ናይ ኬምስትሪ ፍልጠት የድልየካ።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

> **ጥቕሲ እዚ ሰሙን**
>
> "ብዛዕባ ነብስኻ ንኽትሓስብ ኣዚኻ ድፈር።"
>
> - Voltaire
>
> ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**


ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ኣምራት ስነ-ፍልጠት

### # ሕጊ ከፕለር - ሕጊ ፕላኔታዊ ምንቅስቓስ



መብዛሕትኦም ሓደስቲ ዝንገሩ ስነ-ፍልጠታዊ ክልሰ-ሓሳባትን ሕግታትን ብቐሊሉ ቅቡላት ኣይነበሩን። ብዙሕ ካብኡ ክትዕ፡ ባእሲ፡ ተነጽሎ፡.... እናሓለፈ እዩ መጺኡ። ዘበዝሐ ሓደስቲ ሓሳባት፡ ንብዙሕ ተቓውሞ ሰዒሩ ዝመጽአ እዩ። ሓደ ካብቶም ንብዙሓት ዘካትዐን ዘባኣሰን ፍልጠት ሓደ፡ ስርዓተ-ጸሓይ (solar system) እዩ። ኣቃውማን ምንቅስቓስን ፕላኔታት ንብዙሓት ስነ-ፍልጠተኛታት ንሓድሕዶም ዘባኣሰ ፍልጠት እዩ። ብዘይካኡ ስነ-ፍልጠተኛታት ምስ ኣመንቲ ዝተፈላለየ ሃይማኖታት ብዙሕ ቃልሲ ኣሕሊፎም እዮም። ብፍላይ ንዑደት ወይ ምንቅስቓስ ፕላኔታት ዝምልከት። "መሬት ድያ ንጸሓይ ትዞራ፡ ዋላስ ጸሓይ እያ ንመሬት ትዞራ?" ንብዙሕ ዓመታት ዘካትዐ ኣርእስቲ ምዃኑ ይፍለጥ።

ኣብ ዓውዲ ስነ-ፈለክ ዓቢ ስም ካብ ዘለዎም ፈላጣት፡ ኮፓርኒከስ እዩ። ኮፐርኒከስ፡ ንኣቃውማ ስርዓተ-ጸሓይ ቀዲሙ ንጹር ሓሳብ ዝሃበ ስነ-ፍልጠተኛ ምዃኑ ይንገር። ፕላኔታት ኣብ ዙርያ መሬት ዘይኰና፡ ኣብ ዙርያ ጸሓይ ከም ዝዞራ ዝገለጸ ቀዳማይ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ። ንናይ ኮፐርኒከስ ሓሳብ፡ ንፈተነታት ታይኮ ብራሄን ካልኦትን ሓዊሱ፡ ንምንቅስቓስ ፕላኔታት ንጹር ንድፊ ዘዳለወ ግን ዮሃንስ ከፕለር እዩ።

ኣብ ፊዚክስ ንሰለስተ ሕግታት ከፕለር ንምሃሮም ኢና። እዚ ሕግታት እዚ ብ17 ክፍለ-ዘመን ዝተነድፈ ኰይኑ፡ ፕላኔታት ከመይ ገይረን ኣብ ዙርያ ጸሓይ ዑደት ይፍጽማ ወይ ይዞራ ይገልጽ።

- 1ይ ሕጊ ከፕለር (the law of orbits)፡ ፕላኔታት ኣብ ዙርያ ጸሓይ ክንቀሳቐሳ እንከለዋ ዘለወን ቅናት-ዙረት (orbit) እንቋቍሖኣዊ ቅርጺ ከም ዘለዎ ዝገልጽ እዩ።

- 2ይ ሕጊ ከፕለር (the law of areas)፡ ሓንቲ ፕላኔት ምስ ጸሓይ ትራኽበሉ መስመር፡ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ፡ ተመሳሳሊ ስፍሓት ይሸፍን። ንኣብነት፡ ኣብ ስእሊ ንመሬትን ጸሓይን ኣቐሚጥና ኣለና ንበል። እቲ ንመሬትን ጸሓይን ዘራኽብ ሕንጻጽ ን30 መዓልቲ፡ ምስቲ ምንቅስቓስ ናይ መሬት እንተ ሓሊናዮ፡ መሬት ኣበየናይ ቅናት-ዙረት ኣላ ብዘየገድስ፣ ዓቐንና ካበይ ጀሚሩ ብዘየገድስ፣ ስፍሓቱ ኩሉ ሳዕ ማዕረ እዩ።

- 3ይ ሕጊ ከፕለር (the law of periods)፡ እዚ ሕጊ ፕላኔታት ኣብ ቅናት-ዙረተን ዝወስድኦ ግዜን ካብ ጸሓይ ዘለወን ርሕቀትን ዘዛምድ ሕጊ እዩ። ብዙሓት ፈላጣት "ምስጋና ነዚ ሕጊ" እናበሉ ዝውድስዎ ሕጊ ድማ እዩ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

## ኬሚካላዊ ምልክታት

ኬሚካላዊ ምልክታት ዝሓጸረ ቋንቋ ስነ-ቀመም እዩ። ንታሪኽ ኣማዕባብላኡ ምስ እንምልከት ከኣ ንጥንታውያን ፍሉጣት ባእታታት፡ ዝተፈላለየ ምልክታት ይወሃቦም ነይሩ። ኣብ ግዜ ጥንቲ፡ ኬሚካላዊ ምልክታት ብፈላጣት ናይቲ ግዜ'ቲ (ኣልኬማውያን) እዩ ዝወሃብ ነይሩ። ኣልኬማውያን ንምልክታቶም ንማንም ብዘይርድኦ መገዲ እዮም ዘቐምጥዎ ነይሮም።

ኣብቲ ግዜ ሓዊ፡ ማይ፡ መሬትን ኣየርን ከም ባእታታት ይረኣዩ ነይሮም። ኣብ ማእከላይ ዘመን ከኣ ከም ብሩር፡ ወርቅን ሜርኩሪን ነቶም ኣርባዕተ ኣቐዲሞም ዝተረኽቡ ተጸንቢሮሞም። እቲ ኣቐዲሙ ብኣልኬማውያን ዝፍለጥ ዝነበረ ፍልጠት ናይ ጥንታዊ ኬምስትሪ ኸኣ ተቐየረ። ነዞም ባእታታት ኣቐዲሙ ዝወሃብ ዝነበረ መግለጺኦም'ውን ምስኡ ተቐየረ።

ብ1661 ዓሰርተ ሓደ ባእታታት ጥራይ ነበሩ። ብርጣንያዊ ስነ-ፍልጠተኛ ሮበርት ቦይል ንመጀመርታ ግዜ ን'ባእታ መግለጺ ረኸበሉ። "ማተር ብዝተወሰነ ዝቐለሉ ወይ ዝደቀቐ 'ሳብስታንስ' ዝቘመ እዩ፡" ብምባል ገለጾ። እቲ ብኣልኬማውያን ምስጢር ዝነበረ ኬሚካላዊ ምልክታት፡ ሮቦርት ቦይልን ካልኦት ስነ-ፍልጠተኛታትን ንኹሉ ሰብ ግሁድ ክኸውን፣ ኩሉ ዝርድኦ ባእታታት ዝግለጸሉ ሓጺር ኣገባብ ክኸውን ተሰማሚዖም። ኩሎም ከኣ ብስእሊ ይውከሉ ነበሩ።

ብ1800 ብርጣንያዊ ፈላጥ ስነ-ቀመም ጆን ዳልቶን ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ኬሚካላዊ ምልክታት ናይ ባእታታት ከማሓይሾ ክኢሉ። ንኹሎም ክቢ ብምድላው ኣብ ውሽጢ ክቢ ዝተፈላለየ ለውጢ እናገበረ ኣቘሞም። ንኣብነት ኦክሲጀን - ጻልጣ ክቢ፡ ሃይድሮጀን - ኣብ ሕምብርቱ ሓንቲ ነጥቢ ዘላቶ ክቢ፡ ሳልፈር - ሓደ ርብዒ ናይቲ ክቢ ዝጸለመን እቲ ክቢ ኸኣ ኣብ ኣርባዕተ ዝተመቕለን፡ ናይትሮጀን - ሓንቲ ሰንጣቒት ዝተገብረላ ክቢ፡ ፎስፈረስ ከኣ ክቢ ኣብ ሰለስተ መቒሉ ይረአ (ከም ናይ ትካል ማርሰደስ ምልክት ንግዲ)።

ሎሚ ከሚካላዊ ምልክታት ብስእሊ ዘይኰኑ ብፊደላት ተወኪሎም ወይ ኣሕጺሮም ተጻሒፎም ይርከቡ። ንመጀመርታ ግዜ ብፊደላት ወኪሉ ዘቕረበ ተባሂሉ ዝግለጽ ሽወደናዊ ፈላጥ ስነ-ቀመም ጆንስ ጃኮብ በርዘሊዩስ እዩ።

ያኔት ግርማይ

ሪፖርታዥ

# ካልኣይ ጉባኤ ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ

ሳሙኤል ሃብተሚካኤል
ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቃድር

ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ ብ30 ጥሪ 2025 ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ካልኣይ ጉባኤኡ ብዓወት ኣቃሂዱ።

ፕረዚደንት ማሕበር ዶክተር ዘርኣብሩኽ ተስፋማርያም ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፣ ቀጻሊ ትምህርቲ፡ ሓጸርቲ ስልጠናታት ብምውዳብን ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮሰ መጽናዕትታት ብምትብባዕን ከለንትናዊ ብቕዓት ኣባላት ንምምዕባይ ዕላማ ጊይሩ ከምዝተመስረተ ጠቒሱ፡ ዓቕሚ ሞያተኛታት ህዝባዊ ጥዕና ዘወሃህድ ውዱብ ኣካል ምህላዉ ንምሕላዉን ንምጉስጓስን ጥዕና ሕብረተሰብ ኤርትራ ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ኣገንዘበ።

ማሕበር ጉባኤ ካብ ዘካየደ ልዕሊ ሸውዓተ ዓመትን ሓሙሽተ ኣዋርሕን ከምዝቖጸረ፡ ብመሰረት ቅዋም ማሕበር ጉባኤ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ክካየድ ከምዝኾነ ብምሕባር ድማ፡ ፈጻሚት ሽማግለ ኣብ ክፍላ መጋቢት 2020 ጉባኤ ንምኪያድ ኣድላዪ


ወ/ሮ ሰምሃር ጎይትኦም

ምድላዋት ኣጻፊፋ'ኳ እንተነበረት ብሰንኪ መምርሒ ምክልኻል ለበዳዊ ሕማም 'ኮቪድ -19' ክይተኻየደ ከምዝተረፈ ድማ ኣብሪሁ።

ዶክተር ዘርኣብሩኽ ብዘይካ'ዚ ቀንዲ ዕላማ ካልኣይ ጉባኤ፡ ንኣባላት፡ መሻርኽትን ተሳተፍቲ እቲ ጉባኤን ኀጺር ንጥፈታት ማሕበር ንምሕባር ከምኡ'ውን ንዝቐጽል ክልተ ዓመት ዕማማት ማሕበር እትመርሕን እትከታተልን ፈጻሚት ሽማግለ ንምምራጽ ምዃኑ ኣስፊሪሉ።

ሰዒቡ መግለጺ ዘቕረበ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ማሕበር ኣቶ መኮንን ፍሰሃጽዮን'ዩ። ኣቶ መኮንን ማሕበር ካብ ዝምስረት ከኣየዶ ንዘጽንሐ ጻዕርታት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ቀረባ ዓመታት ምሕደራዊ ኣወዳድባ ንምሕያል፡ ገስጋሳዊ ንጥፈታት ንምድንፋዕ ዝወሰዶ ስጉምትታትን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ብዝምልከት ጽማቝ ጸብጻብ ንተጋዓዝቲ ኣካፊሉ።

ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ማሕበር ዝተፈላለዩ ኣኼባታትን ስሩፍልጡታዊ ዋዕላታትን ከምዝቐየደን ብመንገዲ ኣባላቱ ኣብ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ-2025 ከምዝተሳተፈን ድማ በሪሁ።



ፋይናንሳዊ ጸብጻብ ማሕበር ዘቕረበት ወይዘሮ ሰምሃር ጎይትኦም ብወገና፡ ማሕበር ብመንገዲ'ቲ ምስ መሻርኽቱ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ብዘርኸቦ ወፈያታትን ካብ ኣባላት ብዝእከብ ክፍሊት ኣባልነትን ምንጪ ኣታዊኡ ከምዝውሕስ ብምሕባር፡ ዛጊት ንምውዳብ ዋዕላታትን ኣኼባታትን ንምምዕባልን ምሕዳሽን መርበብ ሓበሬታ ማሕበር፡ መዘከብ ኣባላት ንምድላው ከምኡ'ውን ተወሳኺ ንጥፈታት ማሕበር ንምስላጥ ወጻኢታት ከምዝበጽሐ ኣረዲኣ።

መንእሰይ ፈልሞን ጉብረሰስ ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ሃገርና ንዝርከቡ ኣባላት ማሕበር፡ ብጋዜጣ ርእሶም ንክመሃሩ ዘኽእሎምን ንትምህርታዊ መዓል ዝውዕልን ኮምፒተራዊ ንዋት 'ራስበሪ ፓይ' [Raspberry Pi] ከምኡ'ውን ንቀጻሊ ሞያዊ ምዕባለ ኣባላት ኣበርክቶ ዘለዎ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝወጸ መርሓ ብመንጸር ኣሰራርሓ ማሕበር፡ ዘለዎ ዕድላት፡ ብልጫታትን ብድሆታትን ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪቡ።

መንእሰይ ፈልሞን ኣብ መግለጺኡ፡ ንኡሰሽማግለ ቀጻልነት ትምህርትን ምድላው ምርምራዊ ጽሑፋትን [Research and Continue Education Sub-committee] ከለንትናዊ ክእለት ኣባላት ዘበ. ስልጠናታት፡ ዋዕላታትን ሰሚናራትን ንምውዳብ ሓላፍነት ወሲዱ ካብ ዝጸልእ ዘሎ ንጥፈታት ምዃኑ ድማ ኣጺሩ።

ሓላፊ ሃገራዊ ማእከል ምክትታል ጉድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት ዶክተር ሙልጌታ ርእሶም፡ ንኣምሪጺት ሽማግለ ወኪሉ ንኣገባብትን ማስርሕ ምርጫ ዝሓለፎ ደረጃታትን ዘበርሀ መግለጺ ከቕርብ እንከሎ፡ ኣባላት ኣብ ሞያዊ ማሕበር ምጥርናፍ ዘለዎ ረብሓን ዘሎኻም ሓላፍነትን ብዝዮጾ ተገንዚቦም ንምዕዋት ዕላማታት ማሕበር ብዝለዓለ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተጋዓዝቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብን ኣስተምህሮኣዊ መግለጽን ኣብ ዘቖሎዎ ዘተ፡ ኣባላት ማሕበር ኀጺር ማሕበርም ዝፀምሙሉ ቀጻልነት ዘለዎ ባይታ ምብህሃል ከጥጥዕ፡ ዕላማ ማሕበር ንኸሳኻዕ ምርምራዊ መጽናዕትታት ክተባባዕ፡ ቀጠባዊ ዓቕሚ ማሕበር ዘደንፍዕ ንጥፈታት ክድፈኣሉም፡ ምስ ስልጠናታት ተኣሳሲሩ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶታት ክሕይል ዝብልን ካልእ ለበዋታትን ኣመሓላሊፎም።

ኣብቲ ዝተኻየደ ዘተ - ዝምልከቶም ኣካላት ንተሳታፊ ዮኁታት ኣብ መረሕትት ብመንጸር ተበጺሖት ኣባላት፡ ንሓፈሻዊ ኣጥባትን ማስርሕ ምርጫን ፈጻሚት ሽማግለ፡ ንሕጋውነትን ወግዓውነትን ናይ ርሑቕ ስልጠናታት፡ ንቀጻጽራዊ ሰራሓት ቀጻሊ ትምህርትን ካልእን ኣመልኪቶም ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረቡ ሕቶታት መብርሂ ሂቦምሉ።

ማስርሕ ምርጫ ፈጻሚት ሽማግለ ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፣ ናጻን ግሉጽን ንክኸውን ወከልቲ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝርከቡ መሻርኽቲ ማሕበራት እዮም ተኸታቲሎሞ። ብወከልቲ መሻርኽቲ ማሕበራት ዝቖመት ኣምራጺት ሽማግለ፡ ማስርሕ ምርጫ ኣድላዪ መማዝነታት ኣማሊኡ ንኽፍጸም ምድላዋት ከተካይድ ምጽናሓ ድማ ተሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተጋዓዝቲ ብኣምራጺት ሽማግለ ንዝተዋህበ መምርሕን ዘድሊ ቅጥዕታት ብምምላእ፣ ብመሰረት ፕረዚደንት፡ ጸሓፊ፡ ተሓዚ ገንዘብ፡ ህዝባዊ ርክብ፡ ምርምርን ቀጻሊ ትምህርትን ንማሕበር ንዝቕጽል ክልተ ዓመት እተገልግል ሓሙሽተ ዝኣባላታ ፈጻሚት ሽማግለ መሪጾም።

ፕረዚደንት ማሕበር ዶክተር ዘርኣብሩኽ ተስፋማርያም፡ ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃልኣቲ ዋዕላ ዕወት ምንባሩ ብምግላጽ፡ ነታ ተመሪጻ ዘላ ሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ ዕወት ናይ ስራሕ እዋን ተመንዩ።

ዶክተር ዘርኣብሩኽ ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ዝሃቦ ቃለመሕትት፡ ማሕበር ዓቕሚ ኣባላቱ ንምሕያል ዝወሰዶ ተበግሶታት ዝሕድ ምንባሩ፡ ኣቕዲሙ'ውን ብቕዓት ኣባላት ዝፍትሸን ዝፀምሙን ስሩፍልጡታዊ ዋዕላታት ከምዝተቓወ ኣረዲኡ።

ንጥፈታት ማሕበር ንምድራዕ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ከምኡ'ውን መሻርኽቱ ኣካላት ዝቐየድ ዕማማት ብዕቱብነት ከምዝተሓዝ፡ ኣብ መጻኢ ካብቲ ዘለዎ ብዝለዓለ ወህደት ንኽሰርሓሉ ድማ ጸዊዑ።

ኑየም ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ዝሓለፉ ለበዋታት ኣመልኪቱ ድማ ዶክተር ዘርኣብሩኽ፡ብሓፈሻ ኣባላት ማሕበር ብፍላይ ድማ ሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ ዕላማታት ንምዕዋት ካብኣቶም ዝሕተት ከበርክቱን ኣብቲ ጉባኤ ካብ ተሳተፍቲ ዝመጹ ለበዋታትን ርእይቶታትን ከምኣድላይነቶም ክትግበሩን ተማሕጺኑ።

ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ 'ኤሪፋ' [ERIPHA] ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ፣ ሞያተኛታት ህዝባዊ ጥዕናን ተዛመድቲ ዓውድታት ፍልጠትን ኣብ ሓደ ብምምጻእ ከሉ ኣካል ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝለዓለ ደረጃ ኣገልግሎት ጥዕና ንኽረክብ ቀንዲ ዕላማ ገይሩ ዝተመስረተን ንገዝባዊ ረብሓ ዘይዓዱን ሞያዊ ማሕበር እዩ።


ፈጻሚት ሽማግለ ማሕበር

ራኢ ናይቲ ማሕበር፡ ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ - ዝለዓለ ደረጃ ውልቃውን ኮማዊን ኣገልግሎት ጥዕና ንኹሉ ኣካል



ሕብረተሰብ ንምብጻሕ ምኻኑ ኣብ ሰሎዳ ተጠቒሱ ኣሎ።

እዚ ሞያዊ ማሕበር፡ ሕብረተሰብ ዝሓሸ ኣገልግሎት ህዝባዊ ጥዕና ከምዝረክብ ንምግባርን ገስጋሳዊ ንጥፈታት ንምሕያልን፣ ሞያዊ ብቕዓት ኣባላት ብተጣበቕነትን (advocacy) ኣብ ምርምራዊ ሰራሓት ብንጥፈት ብምውሳእን ንምዕቃብ፣ ከምኡ'ውን ምስ መሻርኽቱ ድልዱል ርክብ ንምምስራት ተልእኾ ሒዙ ይንቀሳቐስ።

እዚ ማሕበር፡ ብሞያ ህዝባዊ ጥዕናን ተዛመድቲ ዓውድታት ፍልጠት ዝሰልጠኑ ሞያተኛታት


ኣቶ መኮንን ፍሰሃጽዮን

ኣብ ሓደ ብምምጻእ፡ ልዑል ደረጃ ሞያዊ ስነምግባርን ብኣኡ ዝምእዘን ኣፈጻጽማ ስራሕን ምርግጋጽ፣ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕናን መሻርኽቲ ኣካላትን ብምትሕብባር ኣብ ምምዕባል ፖሊሲ ጥዕና፡ ወጥናት ኣብ ምድላው፡ ስልጠናታት ኣብ ምውዳብ፡ ኣብ ምሕደራን ትግባረ እቲ ሞያን ብንጥፈት ምውሳእ፣ ኣብ ሞያ ህዝባዊ ጥዕና ዘተኮረ መጽናዕታዊ ምርምር ምትብባዕን ስሩፍልጡታዊ ጽሑፋት ምስንዳእን ምዝርጋሕን፣ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ለበዳን ጉድኣት ዘስዕቡ ሓደጋታትን ኣብ ዝኣመሰሉ ዛዕባታትን ኣገዳስቲ ጉዳያት'ቲ ሞያን ንጡፍ ኣበርክቶ ምግባር፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኣባላት ማሕበርን ሕብረተሰብን - ንጥዕናን ምስኡ ዝተሓሓዝ ጉዳያትን ዝምልከት ምብህሃል ዘተባብዕ ኣኼባታት ምውዳብ ዝበሉ ዕላማታት እውን ኣለውዎ።

ማሕበር ሞያውያን ህዝባዊ ጥዕና ኤርትራ ካብ 11 ሕዳር 2014 ኣትሒዙ ከም ሞያዊ ማሕበር ንኽጥርነፍ ተመዝጊቡ ወግዓዊ ኣፍልጦ ዝተዋህቦ ሞያዊ ማሕበር'ዩ። እዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ጥዕና ዝቖመን 300 ምዝጉባት ኣባላት ዘለውዎን ማሕበር፡ ኣብ 2017 ቀዳማይ ጉባኤኡ ኣብ ኣስመራ ኣቃኒዑ ነይሩ።



# ኣከባብያዊ ኣሰር፡ ጾር ዘላቒ ምዕባለ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረሰ)

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ኣሉታውያን ኣከባብያዊ ኣሰርን ዘኸፍልዎ ዋጋን፡ ኣብ ሰብ ከውርድዎ ዝኽእሉ ጥዕናውን ሰብኣውን ሓደጋ፡ ኣብ ካልኦት ህይወታውያን ዘስዕብዎ ምጽናት ኣብ ግምት ምስ ዝኣቱ፡ እዚ ብቐጠባዊ ዕቤት ጥራይ ዝትመን ዘሎ ዘላቒ ምዕባለ ሕብረተሰባት ክንደይ ምኾነ? መልሲ ክረኽብ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ፡ ልዕሊ ኹሉ ኑቲ ብዘይዘላቒ ቀጠባዊ ዕቤት ጥራይ ዝልካዕ ዘላቒ ምዕባለ ሕብረተሰባት'ዩ ቀዳምነት ክወሃቦ ጸኒሑን ዘሎን፡ ዝኾነ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣብነታት ኣብ ግምት ምስ እነእትዎም፡ ዘላቒ ምዕባለ ማለት - ንዘይዘላቒ ቀጠባዊ ዕቤት ዝኸፍሎ ዋጋ ኣከባብያዊ ኣሰር ይኸውን ኣሎ።

ስለዚ፡ ኣከባብያዊ ኣሰር፡ መለክዒ ዘላቒ ምዕባለ ካብ እተባህለ፡ ሕብረተ-ሰብ ዘላቒ ምዕባለ ኣመዝጊቡ'ዶ ኣየመዝገበን ዝፍለጥ፡ ኑቲ ዝገደፎ ኣከባብያዊ ኣሰር ብምልካዕ ክጽናዕ ይኽእል። ህዝቢ ዓለም ኑቲ ዝደንሰ ምዕባለ ከመዝግብ ዝብደመ መሬት፡ ዝተበከለ ኣየርን ማይን፡ ዝደኸየ ሓመድ . . . ምስ ዝገድፍ፡ ዘላቒ ምዕባለ ከመዝግብ ኣይክኣለን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ኣከባቢያዊ ጸጋ ኣጥፊኡ እዩ ሓሊፉ። ምኽንያቱ፡ ዘላቒ ምዕባለ ንህሉውን ምዕባለን መጻኢ ወለዶ ኣብ ግምት ዘእተወ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንጽንዓት ኣከባቢ እውን ኣብ ግምት ዘእተወ ስለዝኾነ።

ከቢ ኢሎም ዝተጠቕሱ ኣብነታት፡ ህዝቢ ዓለም ከመዝግቦ ዝጸንሐ ጉዕዞ ምዕባለ ብዋጋ ናይ'ዛ እንነብረላ ኣከባቢ ምድሪ ምዃኑ ዝተረጋገጸ እዩ። ኣብዚ ጉዳይ ህዝቢ ዓለም ዘመዝገቦ ምዕባለ፡ ካብ ባዶ ዝመጽአ ወይ ዝተመዝገበ ዘይኮነ፡ ኑቲ ኣብ ኣከባቢ ዝርከብ ባህርያዊ ሃብቲ ብምምዝማዝ ዝመጽአ እዩ። ዋላኳ ህዝቢ ዓለም ናብ ሕብረተ-ሰባት ዝተኣማመነ ወይ ዝተኸፋፈለ እንተኾነ፡ ብመንጽር ኣከባቢ ግን፡ ኣብ ሓደ ዝተኣሰረ (ዝተጠምረ) እዩ።



ምኽንያቱ፡ ኣከባቢ ብወሃደት ናይ ብዙሓት ስርዓተ ማሕደሮ ዝፍጠር እኹል ስርዓት ስለዝኾነ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ህዝቢ ዓለም ዘላቒ ምዕባለ ከመዝግብ ከሎ፡ ብኣንጻሩ ኣከባቢ ከኣ ዘላቒ ድኽነት ከመዝግብ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ናይ ሓቂ መርትዖ ዝኾኑን ጭብጥታት፡ እዞም ኩሎም ክሳብ ሕጂ ዝተኸሰቱ ኣከባብያዊ ቅልውላዋት እዮም። ምብራስ ልዕሊ 30 ሚእታዊት ጫካ ኣማዛኑ፣ ምቕዳድ ቀጻላ ኣዛኑ፣ መጠን ምውሳኽ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ኣብ ኣየር ብ150 ሚእታዊት፣ ምምሳኽ ኩምራ በረድ ሰሜናዊ ዋልታ፣ ክሊማዊ ለውጢ...ወዘተ፡ ድማ ኣከባቢ ብቐጻሊ ይድኪ ከም ዘሎ ዘመልክቱ ክስተታት እዮም።

ብኣንጻሩ ኣከባብያዊ ቅልውላው ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብን ምዕባለኡን ዘለዎ ሳዕቤን፡ ኣከባቢ ምስ ዝዳኺ



ዘላቒ ምዕባለ ክረጋገጽ ከምዝጸግም ዝእንፍቱ እዮም። ከመይሲ፡ ንላዕሊ ዝኸደ ግድን'ዩ ናብ ታሕቲ ክምለስ። ስለምንታይ? ንዝብል ሕቶ፡ ክልተ መልሲ ኣለዎ። ሓደ ንላዕሊ ምኻድ ኣንጻር ኣከባብያዊ ሕጊ እዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ዋላ'ውን ዝኺ ሕጊ እዚ በዲህካ ንላዕሊ እንተኸደኻ፡ እቲ ንላዕሊ ክትከይድ ዘኽእለካ ሓይሊ (ጸዓት) ቀጻልነት ምስ ዘይህልዎ፡ ንታሕቲ ክትምለስ ግድን ይኸውን። ብተዛማዲ፡ ምንጪ ዘላቒ ምዕባለ ሕብረተ-ሰባት ኣከባቢ ክሱብ ዝኾኑ፡ ሚዛን ስርዓተ ኣከባቢ ከይተሓለኻ ዝዋበር ምዝመዛ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ኣንጻር ባህሪ ስርዓተ ኣከባቢ ስለዝኾኑ፡ ዘላቒ ምዕባለ ሕብረተ-ሰባት ናብ ድሕሪት ክምለስ ባህርያዊ ክስተት ይኾውን።

ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ፡ መንግስታትን ዓበይቲ ትካላትን ድማ ብፍላይ፡ ምስ ኣከባቢ ዘለዎም ዝምድና፡ ብመንጽር ውልቀሰብ ኣብ ቀረጽ ዘለዎ ኣተሓሕዛ ክግለጽ ይኽእል። ሓደ (ውልቀሰብ) ወይ ዋኒኑ መሰሳ ናይ ዝኹብርም ንጥፈታት ንዘምልከቶ ኣካል ኣብ ግዜኡ እቲ ዝግባእ ቀረጽ ምስ ዘይከፍል፡ ሃብቲ ናይ'ቲ ሰብ ወይ ዋኒን ብኸመይ ክልካዕን ክግለጽን ይኽእል? ድሕሪ ግዜ ተዋህሊሉን ተዋሊዱን ዝመጽእ ዕዳ ሳዕቤኑ እንታይ ክኸውን እዩ? "ስለምንታይ መንግስታትን ዓበይቲ ትካላትን ኣብ ምሕዋይ ኣከባቢ ብግቡእ ኣይነጥፉን?" ንዝብል ሕቶ ዝወሃቦ መልሲ፡ ምስቲ ውልቀ-ሰባትን ዋኒናትን ኣብ ጉዳይ ቀረጽ ዘለዎም ዘይርትዓዊ ስምዒታትን ዝሁብዎ መልስን ዝመሳሰል እዩ። በዚ ወሰንዘኣዊ ኣገላልጻ ኣከባብያዊ ኣሰር-ኣከባቢ ዝጠልቦ ቀረጽ ንጥፈታት ወድሰብ ማለት እዩ። ዘይከፈልም ጉሲያ ቀረጽ ዘኸትሎ ሳዕቤን ድማ፡ ኣከባብያዊ ኣሰር ዘውርዶ ሳዕቤን ብገንዘብ ጥራይ ዝዓቀስ ኣይኮነን። ብህይወት ምቕጻልን ዘይምቕጻልን ዝውሰን ምልዋጥ ኣከባቢ ወይ ምልዋጥ ክሊማ እውን እዩ።

ኣብዚ ዘለናዮ መበል 21 ክፍለ ዘመን እቲ ዝዓበየ ሕቶ፡ ህዝቢ ዓለም ብኸመይ ዘላቒ ድኽነት ኣከባቢ ብምውጋድ ዘላቒ ምዕባለ ከረጋግጽ ይኽእል? ዝብል እዩ። ምኽንያቱ ምንጪ ዘላቒ ምዕባሉ ኣከባቢ ስለዝኾኑ፡ ይኹን'ምበር፡ ወዲሰብ ንጥፈታቱ ብዘገድሶ ኣከባቢ ግን ወትሩ ምቅይያር እዩ ዝርከብ (ዘሎ)። ወድሰብ'ውን ካብ ስጉሚ ዕቤት ኣይተደረተን ኣብ ቀጻሊ ምዕባለ'ዩ ዝርከብ። ስለዚ፡ ኣከባቢ ኣብ ቀዋሚ ከንት ክዕቅብ ዝኽእል ካብ ዘይከውን ዘላቒ ምዕባለ እውን ቀዋሚ ከንት ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ኣከባቢ፡ ኣብ ቀዋሚ ከንት ብምዕቃብ ክምዝገብ ዝኽእል ዘላቒ



ምዕባለ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ተቐያያሪ ሳዕቤናት ኣከባብያዊ ኣሰር ምስኣን፡ ህይወት ወድሰብን ምዕባለኡን የኸትሉ ስለዘለው። ገለ ካብዞም ሳዕቤናት ምውሳኽ ምቑት፣ ሃሬጽታ ዋዒ፣ ባርዕ መሮር፣ ዕልቕልቕ፣ ምውሳኽ ብራኸ ጸፍሒ ባሕሪ፣ ዋሕዲ ዝናብ፣ ብኩሉ ምጽናት ህይወታውያን፣ ክሊማዊ ለውጢ፣ ተላባዊ ሕማም… ወዘተ ክጠቓለሉ ይኽእሉ። ስለዚ፡ እዚ ዓለምና ክሳብ ሕጂ ኣመዝጊቡዎ ዘሎ ምዕባለ፡ ዘተኣማምን ዘላቒን ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ከመይሲ፡ ንኣከባቢ ብዀ ገይርካ ዝመጸ ዘላቒ ምዕባለ ዝፈጠሮ ዘይጽንዑ ኣከባቢ፡ ንዘላቕነት ዝተመዝገበ ምዕባለ ንቐጻልነት ህሉው ወለዶ በዓሊ እናገበሮ ይኸይድ ስለዘሎ።

"ህዝቢ ዓለም ዘላቒ ድኽነት ኣከባቢ ብምውጋድ፡ ብኸመይ ዘላቒ ምዕባለ የረጋግጽ?" ንዝብል ሕቶ ዳግመ-ግምት ምስ ዝግበረሉ፡ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ምንጪ ምዕባለኻ ከይወዳእካ ብኸመይ ዘላቒ ምዕባለ ተረጋግጽ?" ወይ "ዋጋ ከይከፈልካ ብኸመይ ዘላቒ ምዕባለ ተረጋግጽ?" ምባል ከም ማለት እዩ። እዚ ግድል'ዚ፡ ኣብ መበል 12 ሸቶ ዘላቒ ምዕባለ፡ 'ሓላፍነታዊ ሃልኪን ኣፍራይነትን' ዝብል መድረኻዊ ፍታሕ ተዋሂብዎ ኣሎ። እዚ ሸቶ፡ ሰብ ኣብ ውሽጢ ኣከባብያዊ ደረት ክነብር ዝኽእሎ ሸቶ እዩ። ብርግጸ'ውን፡ ሕብረተ-ሰባት ብሓላፍነት፡ መጠን ኣከባብያዊ ኣፍራይነት ምስ መጠን ሰባዊ ኣፍራይነትን ሃላኽነትን ምስ ዘሳንይዎ፡ ዝትሩፉ ጉሓፋትን ዝበከል ኣከባብን ምስ ዘጉድልዎ፡ ህዝቢ ዓለም ዘለዎ ኣከባብያዊ ኣሰር ክዛሰሰን ዘተኣማምን ዘላቒ ምዕባለ ከመዝግብን ይኽእል።

ህዝቢ ዓለም፡ ዘተኣማምን ዘላቒ ምዕባለ ከመዝግብ እንተደኣ ኾይኑ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንጥፈታቱ ዝም ዝስዕቡ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ክረኽቡሎም ይግባእ። እዞም ሕቶታት ገለ ክፋል ናይቶም ኣብ ጽህፍ ዳህሳስ ጽልዋ ኣከባብያዊ (environmental impact assessment) ዝለዓሉ ሕቶታት እዮም።

1. ኣብ ምርግጋጽ ዘላቒ ምዕባሉ፡ ዝፈርዩ ጥረ-ሃገርን ዝገበር ንጥፈታትን ኣከባብያዊ ኣሰር ይገድፉ'ዶ? መልሱ - እወ ይገድፉ። ኣብዚ ከም ኣብነት፡ ብርሰት ኣግራብ፡ ብኩሉ ጃንታ ህይወታዊ ብዙሕነት… ወዘተ ድማ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

2. እዚ ዝተፈጥረ ኣከባብያዊ ኣሰር ተፈጥሮ ብዘይምትእትታው ናይ ደቂ-ሰብ ክሓዊ ይኽእልዶ? ኣብዚ'ውን ከም ንኣብነት፡ ዝበረሰ ጫካ ናብ ዝነበሮ ክምለስ፡ ዝተፈጥረ ብኩላ ብተፈጥሮ ክጸሪ፡ ምጽናት ዘንጸላልዎም ህይወታውያን ክስስኑ ይክኣል'ዶ? ዝብሉ ክዘርዘሩ ይኽእሉ።

3. ተፈጥሮ እንተዘይከኣለ፡ ሕብረተ-ሰብ'ከ እዚ ኣከባብያዊ ኣሰር ኣብ ግዜኡ ከወግዶን ከሕውዮን ይኽእል'ዶ? ዝበረሰ ኣግራብ ክዮርብ፡ ብኩላ ንኸይክሰት ክገትእ፡ ምጽናት ህይወታዊ ብዙሕነት ከወግድ ይኽእል'ዶ? ብኣብነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ዕምምታት'የም።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣከባቢ ዋጋ ዘላቒ ምዕባለ ዘይከፍል ምንጪ ዘላቒ ምዕባለ ከምዘኾነ ምግንዛብ የድሊ። ከም ውጽኢቱ ኣከባብያዊ ኣሰር፡ ጾረ ዘላቒ ምዕባለ ዘይከፍል ጾር ዘላቒ ምዕባለ ይኾውን። ስእላዊ መግለጺ ምስ እንፈጥር፡ ዘላቒ ምዕባለ ካብ ዝተሓተ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ምዕባለ ትብጽሓሉ ልሙጽ ዓቐብ ዘይከውን መደያየቦ ወይ መሳልል እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ስጉሚ ናይ'ዚ መሳልል ድማ፡ ህዝቢ ዓለም ዘላቕነት ምዕባለኡ ንምርግጋጽ፡ ጽንዓት ኣከባቢ ዘረጋግጸሉን ዘደንፍዓሉን መድረኽ ክኸውን ይግባእ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ ጽንዕ ኣከባቢ ዘተኣማምን ዘላቒ ምዕባለ ማለት ስለዝኾነ!

ኢን. ኣማን ተዛረ
ክፍሊ ኣከባቢ
ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን

# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ካብ ጥንታውያን ስልጣነታት ዓለም

1. ስልጣኔ ሞሶፖታምያ፦ ካብ 3500 ክሳብ 500 ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ዝነበረ ኩይኑ፣ ኣብ ኽቦታት ዛርኽሰን ዒራብን (ናይ ሎሚ ዒራቕ፣ ሶርያን ቱርኪን) ተደኲኑ ዝነበረ እዩ። ሞሶፖታምያ ማለት ኣብ መንጎ ወሓይዝ ዘሎ መሬት ማለት እዩ። እዚ ስልጣኔ ቀዳማይ ዝጠንተወ ስልጣኔ እዩ፣ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ መዳዩም ዝሓሸን ዝሰልጠኑን ሕብረተሰብ ዝተራእየሉ እዩ። ኣብ ከባቢ 800 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ሰቦት ሕርሻ ከማዕበሉ፣ ንመግዛብን ኣብ ሕርሻ ንኽሕግዝዎምን ክብሉ እንስሳታት ከራብሉ ዝጀመረሉ ግዜ እዩ። ሰቦት ካብ ቅድሚ ስልጣኔ ሞሶፖታምያ ኣትሒዞም ኣብ መንደቕ ምስኣልን ምውቃርን ጀሚሮም ነበሩ። እዚ ስልጣኔ ንዝጸንሐ ብዙሕ ምዕባለታት ቀርጺ ክትሕዞ ጀሚሩ ነበረ፡ ኩሉ ትሕዝቶኦምን ስልጣኖኦምን ኣብዞን ቀንዲ ከተማታቶም ዝነበራ ከም ባቢሎን፣ ሱመርን ኣሰሪያን ብጉሉሕ ይርአ ነበረ።

2. ስልጣኔ ኢንዱስ ቫሊ፦ ካብ 3300 BC–1900 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ኩይኑ፣ ኣብ ሩባታት ኢንዱስ (ሎሚ ኣብ ሶሜናዊ ምብራቕ ኣፍጋኒስታን ክሳብ ፓኪስታን ካብኡ ድማ ክሳብ ሶሜናዊ ምዕራብ ዘሎ ቦታ) ተደኲኑ ነበረ። ስልጣኔ ኢንዱስ ኣብ ሰፊሕ ቦታ ተዘርጊሑ ዝነበረ እዩ፣ ኣስታት 1.25 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎ ሜተር ስፍሓት ዘለዎ ቦታ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ነበረ። ስልጣኔ ኢንዱስ ሓደ ካብቶም ዓለም ዝረአየቶም ሰለስተ ዝዓበዩ ስልጣኔታት እዩ። ኩሉ ኣብዚ ስልጣኔ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ ከባቢ ሩባ ኢንዱስ፣ ሩባ ጋጋር ሃክራን ምዕራባዊ ፓኪስታንን ጥራይ ተደሪቱ ይቕመጥ ነበረ። ሃራፓን ከምኡ'ውን መሆንጆ ዳሮ ዝዓበያ ከተማታት ናይ ስልጣኔ ኢንዱስ ዝነበራ እየን። ስልጣኔ ኢንዱስ ካብ 2600 ክሳብ 1900 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ነበረ። ናይ መጀመርታ ከተማ ዝሃጸ ስልጣኔ'ውን እዩ። ህዝቢ ኢንዱስ ብኸዕታ ብዘረኸቦም ኣደ ስርሓት ምርኻስ ብምምሃር ብልክዕ ንውሓት፣ ክብደትን ግዜን ብዘየገድስ ኣብ ምዕቃን ክዕወቱ ክኢሎም እዮም። ድሒሩ ኣብ ዝተገብረ መጽናዕትታት'ውን ኢንዱሳውያን ኣብ ሱጥባዝን ኣደ-ስርሓትን ፍሉይ ክእለት ከም ዝነበሮም ተረጋጊጹ እዩ።





3. ስልጣኔ ጥንታዊት ግብጺ፦ ዕምሪ እዚ ስልጣኔ ካብ 3150 ክሳብ 30 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኩይኑ፣ ኣብ ግብጺ ብምስራሕ ሃረምት ዝልለ ዝነበረ እዩ። ስልጣኔ ግብጺ ሓደ ካብቶም ዝጠንተወ ስልጣኔታት ኩይኑ፣ ሃብታም ባህልን ትሕዝቶን ከም ዝነበሮ ይግለጽ። ብኸሉ ኣካይዳኡ ኣደናቒ ዝነበረ ስልጣኔ ግብጺ፣ ፈርኦናት፣ ሃረምት ከምኡ'ውን ሓወልቶም እቶም ፍሉያት መለለዩኦም ዝነበሩ እዮም። ቀዳማይ ፈርኦን ናብ ስልጣን ምስ መጺ ንላዕለዋይን ታሕተዋይን ግብጺ ብምሕባር ብሓደ ክገዝአን ጀመረ። እዚ ግና ኩሉ ህዝቢ ኣብ ገምገም ፈለግ ኒል ጥራይ ይቕመጥ ብዘይምንባሩ ነዊሕ ክቕጽል ኣይከኣለን። ታሪኽ ጥንታዊት ግብጺ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ማለት ማእከላይ ዘመን፣ ጥንታዊ ንግስነት ብሮንዝ ኤጅ፣ ከምኡ'ውን ሓድሽ ንግስነት ናይ ዳሕረዋይ ዘመነ ብሮንዝ ኢልካ ክፋፈልካ ክርአ ይኽእል።

4. ስልጣኔ ማያ፦ ካብ 2600 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክሳብ 900 ዓመተ ምህረት ኣብ ዩካታን (ናይ ሎሚ ዩካታን፣ ኩይንታና ሮ፣ ችያፓስ - መክሲኮ፣ ደቡብ ጓቲማላ፣ በሊዝ፣ ኤል ሳቫዶር፣ ሆንዱራስ) ዝነበረ ስልጣኔ እዩ። ማብቐላውነቱ ኣመራጻ ዝኾነ ስልጣኔ ማያ፣ እዚ ሎሚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምምሕያሽ እናተገበረሉ ኣብ መላእ ዓለም ንጥቀመሉ ዘሎና ዓውደ ኣዋርሕ (ካላንደር) ዝመሃዘ እዩ። ብዘሓ ህዝቢ ስልጣኔ ማያ 19 ሚልዮን ይበጽሕ ከም ዝነበረ ይግለጽ። ኣብ 700 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ናቶም ቋንቋ ኣጽሒሖም ብምትእትታው ኣብ እምኒ ክጽሕፉ ጀሚሮም ነበሩ። ብመሰረት እምነት ማያ፡ ዓለም ብ 11 ነሓሰ 3114 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እያ ተመሲራታ፣ ዓውደ ኣዋርሖም'ውን ካብዚ ዕለት እዩ ዝጀምር። መወዳእታ ዓለም ኢሎም ዝጸሓፍዋ ድማ፡ 21 ታሕሳስ 2012 እዩ። ማያ ምስ ህዝቢ ኣዝተካ ብምትሕሕግጋዝ ናቶም ሃረምት ክሃንጹ ክኢሎም እዮም። ዝበዝሑ ሃረማቶም ካብ ናይ ግብጺ ዝዓበዩ እዮም። እዚ ካብ ካልእ ስልጣኔታት ንላዕሊ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝነበሮ ስልጣኔ፡ ኣውዳድቓኡ ሃንደበትን ክሳብ ሕጂ ብንጹር ክፍለጥ ዘይተኻእለን እዩ። ገለ መብቆል ማያ ዘለዎም ኣህዛብ ግና፡ ኣብ ክፋላት ኣመሪካ ብምትራፍ ምስ ካልኦት ህዝቢ ተዋፊሮም ክነብሩ ጀሚሮም እዮም።

5. ስልጣኔ ቻይና፦ ካብ 1600 - 1046 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ኩይኑ፣ ኣብ ብጫ ፈለግን ኣውራጃ ያንግዝን (ናይ ሎሚ ሃገረ ቻይና) ተዘርጊሑ ዝነበረ እዩ። ስልጣኔ ቻይና ቀንዲ ዝፍለጠሉ ብምህዞ ወረቐትን ክዳንን እዩ። ስልጣኔ ብጫ ፈለግ ኣብ 2700 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተመስረተ ኩይኑ፣ ካብ ኩሎም ስልጣኔታት ቻይና ዝጠንተወ እዩ። ቀዳማይ መራሒ ናይዚ ስልጣኔ ሃሺይ የሎው ድማ፣ ብዙሕ ሰርውመንግስታት መስረተ። ኣብ 2700 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ጺያ ቀዳማይ ንመላእ ቻይና ዝመርሐ ንግስነት ነበረ። ስልጣኔ ቻይና ብዙሕን ኣገዳስን ምህዞታት ንዓለም ኣበርኪቱ እዩ። ገለ ካብኡ ባሩድ፣ ወረቐት፣ ማሕተም፣ ኮምፓስ ኢልካ መዳፍዕን ምጥቃስ ይከኣል።

## ቪንሰንት ቫን ጎግ

ቪንሰንት ቫን ጎግ ድሕሪ ሞቱ እዩ ተፈሊጡ። ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለም ዝነበሩ ዓበይቲ ስኑ ጥበበውያን እዩ። ግና እቶም ፍሉይ ሕብርታትን ጸባቓን ዝሓዘሉ ቅብኣታቱ፡ ድሕሪ ሞቱ እዮም ዝያዳ ተፈሊጦም። ስርሓቱ ንቕብኣታት ናይ 20 ዘመን ብፍሉይ ከጸልዎ ክኢሉ እዩ። ቪንሰንት ናይ ኣእምሮ ጸገም ስለ ዝነበሮ ኩሉ ዕዮታቱ ምስ ሕማሙን ድኽነቱን እናተቓለሰ እዩ ዓሚሙዎ።

ቫን ጎግ ብ 30 መጋቢት 1853 ኣብ ግሩት ዙንደርት - ኔዘርላንድስ ተወሊዱ። ኣቦኡ ቲዮዶሩስ ቫን ጎግ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ነበረ። ኣደኡ ኣና ኩርኔሊያ ካርበንቱስ ድማ ቀባኢትን ሰኣሊትን ነበረት። ንሳ ጸጊሓ ንዝነበራ ተውህቦ ናብ ወዳ ከተሕልፎ ክኢላ እያ። ቪንሰንት ካብ ሽዱሽተ ኣሕዋቱ በኹሪ እዩ። ምስ ምንኣሱ ሓው ቲዮ ጥቡቕ ምቅርራብ ነበሮ። ክሳብ ዕለተ ሞቱ'ውን ኣይተፈለዩን።

ቫን ጎግ ኣብ መበል 15 ዓመቱ፡ ፋይናንሳዊ ጸገማት ስለ ዘጋጠሞ ትምህርቱ ገዲፉ ክሰርሕ ተገደደ። ኣብ ቅብኣ ምስ ዘተኮረ ሓወቦኡ ክሰርሕ ጀመረ፣ ኣብዚ ግዜ፡ ቋንቋታት ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ሆላንድን እንግሊዘኛን ብዝተዋሃሃደ ይመልኽ ነበረ። ኣብ 1873 ብስራሕ ናብ ሎንደን ምስ ተሰጋገረ፡ ንባህሊ እንግሊዛውያን ኣዝዩ ፈተዎ። ትርፊ ግዜኡ ቅብኣታት ናይ ካልኦት ሰባት ኣብ ምርኣይን ጽሑፋት ቻርለስ ዲከንስን ጆርጅ ኢልዮትን ኣብ ምንባብን የሕልፎ ነበረ። እንተኾነ ኣብቲ ግዜ ጠባዩ ምሒር ሕማቕ ነበረ፡ ኑቶም ቅብኣታት ክገዝኡ ዝመጽኡ ዓማዊል፡ ትርጉም ዝይብሉ ነገር ገዚኦም ከጥፍኡ ከም ዘይብሎም ክምጎቶም ስለ ዝጀመረ ካብ ስርሑ ተባረረ።

ኣብ መወዳእታ 1880፡ ናብ ብራሰልስ ብምኻድ ቀባኢ ክኸውን መደበ፡ ብዛዕባ ቅብኣ ዝኾነ ትምህርቲ ስለ ዘይነበሮ ሓዉ ቲዮ ብገንዘብ ከም ዝሕግዞ ቃል ኣተወሉ። ብውልቁ መጽሓፍቲ ቅብኣ ብምንባብ ባዕሉ ይመሃር ነበረ። ንሓሙሽተ ዓመታት ንቕብኣ ኣድሊዩቲ ዝኾኑ ነገራት ድሕሪ ምጽናዕን ምምሃርን "ፔተቶ ኢተርስ" ዝርእስታ ቀዳመይቲ ናይ ቅብኣ ስርሓቱ ኣበርከተ። ኣብቲ ግዜ ኣብ ፓሪስ ስለ ዝነበረ፡ እታ ብዝኤይኑት ትምራሕ ዝነበረት ፈረንሳ ንቕብኣኡ ከም ዘይፈትወቶ ይሓስብ ነበረ። ድሕሪ ቀዳመይቲ ቅብኡ፡ ናብ ሓዉ ቲዮ ብምኻድ ምስኡ ክቕመጥ ጀመረ። ኣብቲ ግዜ፡ ብቕብኣ ጃፓናውያን ተመሲጡ ስለ ዝነበረ ናይ ስነ ጥበብ ክእለቱን ህይወቱን ንምምሕያሽ ፍልስፍናን ምብራቕ ከጽንዕ ጀመረ። ቀጺሉ ናብ ደቡብ ፈረንሳ ብምኻድ ገዛ ካብ መዝገብ ንላዕሊ ኣብ ቅብኣ ከጥፍእ ጀመረ።

ኣብ ታሕሳስ 1888፡ ቫን ጎግ ከም ዝሓመመ ክርድኦ ጀሚሩ ነበረ። ብጽኑዕ ኣካላዊ ሕማም ኣእምሮኣዊ ጥዕንኡ'ውን ክንቀልቀል ጀሚሩ ነበረ። ከም ወጽኢቱ ንሕብርታት ክሰትዮን ንቕብኣታቱ ክበልዖን ጀመረ። ሓደ መዓልቲ ሳማ ገይሩ እዝኑ ብምቑራጽ ንሓንቲ ኣመንዝራ ብምሃብ ኣብ ጸቢብ ቦታ ክተቐምጣ ነገራ። ብተደጋጋሚ ብዙሕ ደም ይፈሶ ብምንባሩ፡ ሆስፒታል ካልኣይ ገዝኡ ኩይኑ ነበረ። ድሕሪ ቀሩብ ግዜ ኩነታቱ ናብ ንቡር ስለ ዝተመልሰ ናብ ስርሑ ተመልሰ። እንተኾነ ነዊሕ ክቕጽል ስለ ዘይከኣለ መሊሱ ናብ ዝነበሮ ተመልሰ። ኣብ ሆስፒታል ከሎ ብዙሕ ቅብኣታት ሰርሐ። ካብ ሆስፒታል ምስ ወጸ፡ ኣብ ብራሰልስ ስርሓቱ ንምርኢት ከቕርብ በቕዐ።

ድሕሪ'ዚ ኣብ 1890 ብሽጉጥ ፈተነ ነፍሰ ቅትለት ስለ ዝፈጸመ ኣብ ኣፍልቡ ብኸቢድ ተሃስዩ ነበረ። ድሕሪ ክልተ መዓልታት፡ ቪሰንት ኣብ መበል 37 ዓመቱ ኣብ ኢድ ሓዉ ቲዮ ዓረፈ። ብሞት ሓዉ ከቢድ ጓሂ ዝተሰምዖ ቲዮ'ውን ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ እዩ ኣሲሩ ስዒቡ።

ብዓልቲ ቤት ቲዮ - ጆሃና ንቕብኣታት ቪንሰንት ክትእከቦ ጀመረት። ገሊኡ ዓንዩ ገሊኡ ድማ ስለ ዝጠፍአ ኩሉ ክትረኽቦ ኣይከኣለትን። ኣብ 1901 ንኹሉ ቅብኣታቱ ኣብ ፓሪስ ንምርኢት ምስ ኣቕረበቶ ህቡብነት ቪንሰንት ጥርዚ ዓረገ። ሎሚ ቪንሰንት ቫን ጎግ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ቀባኢቲ ተባሂሉ እዩ ዝፍለጥ።

ብሓፈሻ ቫን ጎግ ልዕሊ 2100 ስርሓት ከፍሪ ክኢሉ እዩ። 860 ካብዚኦም ናይ ዘይቲ ቅብኣ ክኾኑ ከለዉ፡ ልዕሊ 1300 ድማ ብጻይ ዝተቐብኡን ናይ ርሳስ ስእልታትን እዮም። ሎሚ ገለ ካብ ስእልታቱ፡ ካብ መላእ ዓለም እቶም ዝኸበሩ ዋጋ ዘለዎም እዮም። 'ኣይሪሰስ' ዝርእስታ ቅብኣ 53.9 ሚልዮን ዶላር ክትሽየጥ ከላ፡ 'ፖርትረይት ኦፍ ዶክተር ጋቸት' ዝርእስታ ቅብኣኡ ድማ፡ 82.5 ሚልዮን ዶላር ተሸጢጣ። ሎሚ ቅብኣታት ቫን ጎግ ኣብ ቤት መዘክራት ሎንዶን፡ ኣምስተርዳም፡ ቶክዮ፡ ሙኒክን ፊላደልፍያን ተዓቂቦም ይርከቡ።



## ተወሳኺ

- ጸጸ ኣብ 12 ሰዓታት ንሸሞንተ ደቃይቕ ጥራይ ቀም የብል።
- ገመል ሰለስተ ከቦሮ ዓይኒ ኣለዋ። እዚ ካብ ሓመድን ጸሓይን ይከላኸለላ።
- እቲ እንኮ ክዘልል ዘይክእል እንስሳ ሓርማዝ እዩ።
- መወልዲ ሽጋራ - ላይተር ቅድሚ ክርቢት እዩ ተማሂዙ።
- ከምቲ ኣሰር ኣጻብዕ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝፈላለ ኣሰር መልሓስ'ውን ከምኡ እዩ።
- ኣብ ዝኾነ ቦታ ናይ ዓለም ብዝበዝሕን ብዝዩ ዝኾነ ጸገምን ክበቁል ዝኽእል ተኽሊ ስርናይ እዩ። ብዘይካ ኣብ ኣንታርክቲካ ማለት እዩ።
- እታ ዝከኣሰት ዝተረኽበት እንቍርዖብ ዓቐን ኣካላ ክንዲ ሃመማ ትኸውን ነይራ።
- 70 ሚእታዊት ካብ ጽሩይ ማይ ናይ ዓለም ኣብ ኣንታርክቲካ ኣብ ትሕቲ በረድ ይርከብ።
- ኢታኣማ ካብ ዓለም ካብ ዘለዉ ምድረበዳታት እቲ ዝደረቐ ቦታ እዩ። እንተኾነ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ኣብዚ ቦታ ይቕመጥ።



# ቑርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ስምብራት


ኣብ ህይወት ብብዙሕ ነገር ክትፍተን ትኽእል ኢኻ፡ ብብዙሕ ነገር እውን ክትሳቐ ትኽእል ኢኻ፡ ኣንፈት መዋጽኣ ሽግርካ ከተለልየሉ ኣብ ዘይትኽእል ኩነት፡ ናይ ህይወት ነገር ሕርብት ክብለካ ይኽእል እዩ። ዓለም ኑቲ ዝጸዓረካሉ ብዮምጣሉ ወጽኢት ብምሃብውን ከተሰንብደካ ትኽእል እያ። ሰላምካ ብምህዃም ኣብ ከቢድ ነውጺን ወጥሪን ክትሸመም ትኽእል ትኸውን ኢኻ፡ እቶም ተሰፋ ዘንበርካሎም ነገራት’ውን ክቕህሙ ክትርእዮም ትኽእል ትኸውን። እንተኾነ፡ ልክዕ ከምታ ዝናብ ደንጉዩዋ ቀምሲላ ዝጸንሐት ተኽሊ፡ ዝናብ ምስ ረኸበት እትጥጥዑ ንሻ’ውን ገለ ጩራ ተሰፋ ክረኣየካ ኣብ ዝጀመረሉ ካብቲ ዝበርኾዮ ሃዋህው ክትትንስእ ምኽንካ ዘክር።

ብምትንሳእካ ሓይሊ ክትድልብ ኢኻ፡ ሽዑ ከምቲ ብሓዊ ዝተኣበወ ሓጺን ክትከውን ኢኻ፡ ሓይልኻ ከኣ ንቕድሚት ክትሰጉም ክደርኾካ እዩ። ንዝጀመርካዮ ጉዕዞ ንምዝዛም ሓያል ጻዕሪ ብምምኻር’ውን ኣብ ደርጎኹት ዓወት ክትበጽሕ ኣይክትጸገምን ኢኻ፡ ኣብዚ ሓደ ክትዝክሮ ዘለካ ማስረታዊን ኣገዳሲን ነገር ኣሎ። ኣብ ህይወት ንዚጋጥመካ ነገር ክትመሃረሉ ደኣ’ምበር፡ ሐሕሞቑን ዘዘጽክሩ ሽግራትን እናዘከርካ ጥራሕ ከተሰተንትን ኣይግባእን።

ኣብ ሕሉፍ ምስትንታን ሽግራት ጥራሕ እዩ ከምጽኣልካ ዝኽእል፡ እዚ ከኣ ዋላ’ውን ኣብቲ ዓወት ዝተጎናጸፍካሉ ግዜን ከኒታትን ዓወትካ ብጽቡቕ ንኸይተሰተማቕርም ከም ሕልሚየም ዘህርሩኻ፡ ስለዚ ብሓሳብካ ኣይትመለሶም። ሽግር ሕማቕ ምኽኑ ንኸሉ ብሩህ እዩ። ስምብራት ናይ ሽግር ደማ ናይ ሕማቕ ሕማቕ እዩ።

ምስ ስምብራትካ ክትነብር ኣይትደለ፡ ከምኡ እንተ ፈቲኻ ዓወት ይኸዱን ሓጎስ ክህልወካ ኣይክእልን እዩ። ስምብራት እንተለካ ንዕኡ ጥራይ እናዘከርካ ግዘእ ናይ ሕማቕ ስምዒት ኢኻ ትኸውን። ምኽንያቱ ሓንሳብ ዝሰገርካዮ ሽግራት ኣብ ኣእምሮኻ ተወቒሮም ብዘይኣዎም ጥራሕ ከም እትሓስብ ክገብሩኻ ስለ ዝኽእሉ። ኩታስ ስምብራት ዘይሓዊ በሰላ እዩ።

እቲ ዘሕጉስ ግን ስምብራት ብኣኻ ዝውሃን ምኽኑ እዩ። ስምብራት ክትደምስሶ ምሉእ ዓቕሚ ኣሎኻ። ኣብ ህሉው ንበር። ናይ ጽባሕ ሰብ ክትከውን ደማ ጻዕሪታትካ ኣዘይድ ደኣ’ምበር ናብ ትማሊ ኣይትመለስ። ምኽንያቱ ንሻኻ ንሎሚን ጽባሕን እምበር ንትማሊ ክትቅይሮ ክእሉት የብልካን። በዚ ኣልካ በቲ ናይ ሎሚ ሰብ ምኽንካ ጥራይ እመን፡ ስለዚ ንቕድሚት ካብ ምቕጻል ኣይተብኩር። ኣብ ህሉው እንተ ነበርካ ንቕድሚት እንተ ቐጺልካ፡ ካብ ስምብራት ናጻ ኢኻ፡ ኣብ ሕሉፍ




በላ ምንባር መረር እዩ፡ ስምብራቶም ከኣ ከቢድ እዩ። እንተኾነ ካብቶም ዚጋጠሙኻ ሽግራት ክትክሰለሎም ዘለካ ነገር ከምዘሎ ኣይትረስዕ፡ ሽግራት የብልሐ እየም።

ሳሙኤል ክብሮም

## ምስጢራት ዓወት

ዓወት ደምር ወጽኢት ናይ ብዙሕ ጻዕሪ ምኽኑ እዩ ዝነገር። ብዙሓት




ዕዉታት ሰባት፡ ምስጢር ዓውቶም ክገልጹ እንከለዉ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ዕላማን ኣፈጻጽማ መደባትን ሰባት ሓደ ክኸውን ስለ ዘይክእል። እንተኾነ ኣብ ሙብዛሕትኡ ግዜ ምስጢር ዓወት ክጽሑቶም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥብታት ክኾኑ ከም ዘይክእሉ ይንገር።

1. ኣብ ነብስኻ እመን። ዓወት ንምጉንጻፍ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ነብስኻን ኣብ ዓቕምኻን ምእማን እዩ።

2. ዓወት ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ። ሓይሊ ምስሊ ተጠቒምኻ ንነብስኻ ዕላማኻ ክትወቅዕን ዝደለኻዮ ህይወት ክትመርሕን ከም እትኽእል ኣርኢያ።

3. ስጉምቲ ወሰድ። ዓወት ስጉምቲ ስለ ዝሓትት መጸልታዊ ናብ ዕላማኻ ዘብጽሕ ንኣሽቱ ስጉምትታት ካብ ምውሳድ ኣይትተሓለል።

4. ኣብ መፍትሒታት ኣተኩር። ኣብ ህይወት ዝገንፈካ ሽግራት ኣብ ክንዲ ክትመያየጥ ግዜኻ ኣይተጥፍእ። ካብ ከምዚ ኩነት ወጺእካ መፍትሒ ኣብ ምንዳይ ኣተኩር።

5. ጽንዕ ኩን። ዓወት መብዛሕትኡ ግዜ ኑየም ንሽግራት ብጻዕሪ ክብድህዎ ዝፍትኑ ንፅንቅፋት ተጻሚሞም ኣዶም ከይሃቡ ዝምርሹን ሰባት እዩ ዝመጽእ እንተ ዘይኮንካ፡ ምስ ነብስኻ ክትጋጨ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ንነብስኻ እትውሃብ ኣኽሲል እዩ። ስለዚ ኣብ ዓወት ንኽትብጽሕ ጽንዕ ኩን።

6. ሓላፍነት ወሰድ። ብዛዕባ ህይወትካን ምርጫታትካን ሓላፍነት ወሰድ። ንውድቀትካ ባዕልኻ ደኣ’ምበር ካልኦት ሓላፍነት ክወስዱሉ ኣይትፍቀድ። ብዘወሳኸ፡ ብጉድለታትካ ንሰባት ኣይትውቀሶ፡ ንጌጋታትካ ተመሃረሎም እምበር ኣይተማርረሎም።

### ንጋድም

1. ኣብ ገጠር ዝሰራሕ ሰራሕ
4. ኣፍኮሰ፡ ኣየሩ ኣውጽአ
7. ላም ክረብሕ ከሎ
9. ቅድሚ መርዓ ዝግበር ጽምብል
10. መሓድሮ ኩብቲ ወይ ማል
11. መንግስተ ሰማይ፡ ዘሐጉስ ነገር
13. ሕጊ፡ መምርሒ
15. ንኣምላኹ ኣምለኸ
17. ጥዑም ዝሸትኡ ከም መመቀሪ ኣብ ፓስታ ዝኣቱ
19. ኣመዓራረየ፡ ኣመሓየሸ
21. ኣዕነወ፡ ኣብረሰ
23. ኣብ ማይ ተቐመጠ
27. ቀልቀል ኩብቲ
28. ድቂ ዝሓዘት ላም
30. ብሰንኪ ርስሓት ካብ ዝመጽኡ ሕማማት
32. ምሉእ ሓሳባት ዘቑሙ
34. ብፍጹም ምባል፡ ቶባእ ምባል
36. መስርሒ ገዛ ዝኸውን ጥረ ነገር
38. ሳዕስዒት
41. ኣብ መንጎ ክልተ ዝግበር ናይ ዝርርብ ውድድር
43. ንጽሑፍ ብውሽጥኻ ምድጋም
44. ስም ጓል ኣንስተይቲ
46. ቅዲ፡ ታክቲክ
47. ዝሓሰብካዮ ምስማር፡ ዕላማኻ ምውቃዕ
49. ህይወት፡ ንኽትነብር እትጽበዮ
50. ንኣደይ ሓብታ
51. ኣላይና፡ ካባና ዝዓቢ ሓብሓቢና
53. ፍትሓዊ፡ ትኽክል፡ መጠነኛ
54. ሰንጎ፡ ንዮው በሎ፡ ኣርሕቆ
55. ኩብቲ ዝሕሉ

### ንትኹል

1. ውላድ ጤል
2. ጋርድ፡ ከልክል
3. ካብ ሃገርካ ወጺኻ ምንባር
4. ዘሐጉስ ዜና ነገረ
5. ካልእ ግዜ ከምዘይደግም ኩነ
6. መዓልቲ ሰማእታትና ዝኽበረላ ወርሒ
8- ኩርዓት
12. ብርትዕ፡ ጥንካረ
14. ንመስርሒ ክዳን ዝኸውን
16. ክፈልጥ ፈተነ
18. ምንኣስ ክልተ
19. ወልፊ፡ ልምዲ
20. ካብ ክፉላት ኢድና
21. ማሕበርተኛታት፡ ደቂ ማሕበር
22. ቀይሕ ፈሳሲ ኣካልና
24. ቀንዲ
25. እውን፡ ድማ
26. ንኣድጊ ክንሰጉግ እንብሎ
27. ኣብ በረኻ ካብ ዝበቖሉ ኣትክልቲ
29. ገረብ
31. ህዱእ፡ ጠባየኛ፡ ስርዓት ዘለዎ
33. ካብ ማዕረግ ሓደ
35. ብጸይነት፡ ምሕዝነት (ምፍጣር)
37. ሓኾት ምባል፡ ምስራሕ
39. ንሱ ሂቡ ንሳ _____
40. ድፍረት፡ ፍርሒ ምውጋድ
41. ካብ ገጠራዊ ናብ ከተማ ምቕያር
42. ሕንጻጽ ንምስራሕ እንጥቀመሉ
45. ጫቕጫቕ፡ ዕግርግር
48. ኣጥረየ፡ ከምዝህልዎ ገበረ
50. መብሰሊ መግቢ
51. ካባና ንዝዓቢ እንጽውዓሉ
52. ኣብ ባሕሪ ዝርከብ ፍጡር

### ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 2 | | 3 | ■ | 4 | | 5 | 6 | ■ | 7 | 8 |
| 9 | | ■ | 10 | | | ■ | 11 | | 12 | ■ | |
| 13 | | 14 | | ■ | 15 | 16 | | ■ | 17 | 18 | |
| | ■ | | ■ | 19 | | | ■ | 20 | ■ | | ■ |
| ■ | 21 | | 22 | | ■ | 23 | 24 | | 25 | ■ | 26 |
| 27 | | ■ | 28 | | 29 | ■ | 30 | | | 31 | ■ |
| 32 | | 33 | ■ | ■ | 34 | 35 | | | ■ | 36 | 37 |
| ■ | 38 | | 39 | 40 | ■ | | ■ | ■ | 41 | | |
| 42 | ■ | 43 | | | ■ | 44 | | 45 | | ■ | |
| 46 | | | ■ | 47 | 48 | | ■ | 49 | | | ■ |
| | ■ | ■ | 50 | | | ■ | 51 | | | ■ | 52 |
| 53 | | | | ■ | | ■ | 54 | | ■ | 55 | |

ኣዳላዊ፡ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ከምዚ’ውን ኣሎ


### ናብ ሞተረ ነፋሪት ብምእታዉ፡ ግደ ሞት ዝኾነ ሰራሕተኛ

ኣብ ኣህጉራዊ ማዕርፎ ነፈርቲ ዳላስ - ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ሓደ ሰራሕተኛ ናብ ሞተር ሓንቲ ነፋሪት ድሕሪ ምእታዉ፡ ካብ ትጸበት ኣብረርቲን ኣካየድቲን እቲ ማዕርፎ ነፈርቲ ወጺኡ ሞይቱ ከምዝተረኽበ ተገሊጹ።

እቲ ድሕሪ በረራ ንሓፈሻዊ ኩነታት ኑዳዲ ዝቈጻጸር ሰራሕተኛ፡ ነታ ኣብ ንጡፍ ሰራሕ ዝጸንሐት ናይ ህዝቢ ነፋሪት መጠን ትሕዝቶን ዘህለኹዩን ኑዳዲ ይቈጻጸርን ደኒታተልን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ እንታይነቱ ብዘይ ተፈልጠ ምኽንያት ሞይቱ ከምዝጸንሐ ሃገራዊ ቦርድ ክፍሊ መጎዓዝያን ድሕነትን ናይ’ታ ሃገር ሓቢሩ።

እታ ‘Embraer 170 aircraft’ ዝዓይነታ ነፋሪት፡ ቅድሚ’ቲ ሓደጋ ምግጣሙ፡ 70 ተሳፈርቲ ሒዛ ካብ ዳላስ ናብ ዞባዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ሞንትጎመሪ በረራ ኣካይዳ ከምዝነበረት’ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ስሙ ክጥቀስ ዘይተደልየ ግዳይ፡ ብማዕርፎ-ነፈርቲ ፒድሞንት ተቖጺሩ ክሰርሕ ዝጸንሐ ኩይኑ፡ ኣብ ልዕሊ 80




ማዕርፎ-ነፈርቲ ኣመሪካ ቀሊል ዘይኮነ ናይ ሰራሕ ተመኩሮ ከምዝነበሮ እቲ ሓበሬታ የረድእ።

“እዚ ትራጀዲያዊ ፍጻመ ምስ ሰማዕና ኣዚና ኢና ጉሂና። በዚ ሃንደበታዊ ክስተት ከኣ ኩሉ ሓሳባትናን ጸሎትናን ምስ መዋቲን ስድራቤቱን ክኸውን ይግባእ” ክብል፡ ፈጻሚ ዳይረክተር ማዕርፎ-ነፈርቲ ፒድሞንት ዋደ ዱቨስ ኣተሓሳሲቡ።

እታ ነፋሪት በረራኣ ዛዚማ ኣብ ማዕርፎኣ ምስ በጽሐት፡ እቲ ስርሑ ክዥብር ናብኣ ዝደየበ ግዳይ፡ ሞተረኣ ትሕትት ድምጺ ይገብር ምንባሩ ድሕሪ ምስትብሃል ኩነታት ንኸረጋግጽ ኣብ ዝፈተነሉ ግዜ ሃንደበት ብዘፈጸታ እቲ ሞተር ተሉብሊቡ ሞይቱ ክኸውን ከምዝኽእል፡ ነቲ ሓደጋ ዝተዓዘቡ - ኣብቲ ማዕርፎ-ነፈርቲ ተራእዮም ዝጸበዩ ዝነበሩ ተገዓዝቲ ቃሎም ሂቦም። እንተኾነ፡ እቲ ጠንቂ ብልክዕ እንታይ ምኽኑ ንምፍላጥ፡ መዋቲ ሕክምናዊ መርመራ ይግበረሉ ከምዘሎ ይሕበር።

የማነ ያእቆብ
ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት

# ኣፍሪቃ፡ ግዳይ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን መዋቕራዊ መጻወድያ

ቱኒዝያዊ ፕሮፌሰር ፋደል ቃቡብ ምዕራባውያን ኣብ 50ታትን ድሕሪኡን ዝሃጽዎ ቁጠባዊን ፖለቲካውን ምዝመዛም ኣብ ኣፍሪቃ ዝቐጸለ መዋቕራዊ መጻወድያ፡ ክሳብ ሕጂ ንሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ታኼላ ድኽነትን ዕዳን ሸሚሙ፡ ካብ ምዕባለ ሓሊኹ ሒዝወን ከምዘሎ እዩ ዝገልጽ። ካብዚ መዋቕራዊ መጻወድያ ንምልቃቕ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለወን እኹል ኣማራጺ ድማ ኣንጻር ርዱእ ተጻብኦታት ምዕራብ ጠጠው ብምባል፡ ዞባውን ኣህጉራውን ሕብረትን ሓባራዊ ዕዲጋን ምምስራት፣ ጥሙር ጂኦፖለቲካዊ ሓይሊ ብምፍጣር ምዕሩይ መዛተዪ ባይታ ምጥጣሕ ጥራይ ምዃኑ ይገልጽ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ጽማቕ ትርጉም ናይቲ ፕሮፌሰር ፋደል ኣብ ኬንያ ምስ ዝመደቡ ንጉጊ ሾው ዝገበሮ ሰፊሕ ቃለ-መሕትት እዩ።

- **ምስ ኣበሻኻዶ ክተላልዩና?**

ፋደል ቃቡብ እበሃል፡ ቱኒዝያዊ ናይ ስነ-ቁጠባ በዓል ሞያ እየ። ዝሓለፈ ዓመትን መንፈቕን ዝለዓለ ኣማኻሪ ናይቲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ኣከባቢን ምዕባለን ዝጠፍ፡ ናይሮቢ ዝመደቡ "ለውጢ ብቐዓት ንኣፍሪቃ" ዝተሰምየ ጉጅለ ምርምር ኮይነ ኣገልግል ኣለኹ። ኣብ ደንቨን ዩኒቨርሲቲ፡ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ ተሓጊጊ ፕሮፌሰር ስነ-ቁጠባ እውን እየ። ኣብ ጉጅለ ዘይሻራዊ ሞያውያን ንፍትሓዊ ምስግጋር ምዕባለ ዝተበሃለ ጉጅለ ከኣ ኣባል ኮይነ ኣገልግል። እዛ ጉጅለ ሞያውያን መቐጸልታ ስርሓ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት "ፍትሓዊ ምስግጋር" ዝተሰምየ ጸብጻብ ዘርጊሓ ነይራ። እቲ ጸብጻብ ንሕቶታት ኣከባቢ፡ ጸዓትን ልምዓትን ብኣፍሪቃዊ ክውንነት ኣጣሚሩ ዝምልስ ሰፊሕን ንዊሕ ዝጠመተን ስትራተጅያዊ ራኢይ ዝሓንጸጸ እዩ።

- **እቲ ጸብጻብ ካብ ክውንነት ኣፍሪቃ ዝተበገሰ፡ ብኣፍሪቃውያን ንኣፍሪቃውያን ምዃኑ ፈሊጥና ኣለኹ። ልክዕ ከም ኬንያ፡ ቱኒዝያውን መዓልቲ ነጻነት ኣለኩም፡ ሓቀይ? ናጽነትኩም ዝረኸብኩምሉ ዕለት'ውን ትጽምብልዎ ኢኹም። ግን ንሕና ኣፍሪቃውያን ብሓቂ ነጻ ዲና ብዙሕ ሕቶ ከጅምር እዩ ኢሉ?**

ፍጹም! መዋቕር ቁጠባና ካብ መግዛእቲ ሓራ ክንኮውን ዝይተወደኣ ስራሕ ኣለና። ልክዕ'ዩ እንውንና ግዝኣት፡ ጥንዴራ፡ ሃገራዊ መዝሙር፡ እንውንነን ሃገራውያን ጋንታታት ...ወዘተ ኣለና። እዚ ሓደ ገጽ ናይ ልኡላውነት እዩ። ልኡላውነት መግቢ፡ ልኡላውነት ጸዓት፡ ልኡላውነት ቴክኖሎጂ ...ወዘተ እንተዘይብልና ግን ብሓቂ ምሉእ ነጻነት ኣለና ክበሃል ኣይከኣልን። ቀደም ክልተ ዓመት ኣብሉ ምስ መሳርሕተይ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ እናዕለልኩ ከለኹ ሓደ ነገር በሃሊዩ። ብዛዕባ ትምህርተይን ብዛዕባ ተሞክሮይን ኣብ ቱኒዝያ ሓሰብ። ህዝባዊ በዓል ዝኾነ እንጽምብሎ ሃገራዊ መዓልቲ ናጽነት እንተዘይኮነርና፡ ካብቲ ዝተመሃርኩዎ ጥራይ ተበጊሰ ተገዚእና ምንባርና ክፈልጥ ኣምበይ ምኽኣልኩን። ብተመሳሳሊ፡ ከም ምሁር ስነ-ቁጠባ እተዎም ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝተነድፉ ናይ ቁጠባ መዋቕራት ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ይቕጽሉ ምህላዎም፡ ብትምህርተይ ጥራይ ክፈልጥ ኣይምኽኣልኩን። እዚ እዩ ኣብ መላእ ኣፍሪቃን ኣብ መላእ ደብባዊ ክፍለ ዓለምን ዘሎ ጸገም። ስርዓት ትምህርትና ነቲ እንኽተሎ ዘለና ቁጠባዊ መዋቕር ካብ መግዛእታዊ ጽልዋ ነጻ ክንገብሮ ዝሕግዘና ፍልጠትን ጥበብን ዘዕጥቕ ኣይኮነን።

ከም ቀሊል ኣብነት ሃገራት ኣፍሪቃ ተስኪመናኦ ዘለና ናይ ወጻኢ ዕዳ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ። እዚ ዕዳ'ዚ ንልቃሕ ስለዘለና፡ ባዕልና ዝፈጠርናዮ ጸገም ክመስል ይኽእል እዩ። ልክዕ እዩ ንልቃሕ ኣለና። ግለ መራሕቲ ኣፍሪቃ'ውን ጸጋታቶም ብጥበብ ዘየመሓድሩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ይኹን'ምበር ኣዕሚቕና ምስ እንምርምሮ፡ ዝ ናይ ዕዳ መጻወድያ እናሻዕ ዘራብሕ ኣብ ልዕልና ዝተሰገደ መግዛእታዊ ቁጠባዊ መዋቕር ከምዘሎ ግሁድ እዩ። ኣብ ዕዳ እንተዛሊኹ ኣብኡ'ዩም ኣሊቃሕትን ንኡ'ዩም ኣብ ዘስገድድዎ ቅድመኩነትን ጸግዕተኛ ኢኹ። እዛም ኣሊቃሕቲ ዘስገድድዎ ቅድመኩነት ከኣ መመለስኻ ኣብቲ መዋቕራዊ መጻወድያ ክምእትጥሕል ዝኮነ እዩ። እዚ ኣብና



ዝተሰገደ መግዛእታዊ ቁጠባዊ ንድፊ ሰለስተ ሃገራት ክፃምም ዝዓለመ እዩ። ንሱ ከኣ፦

1. ንሕና ሕሱር ዘይተመስረሐ ሃገራት (ንጥረ ሃገራት) ኮይና ብኢንዱስትሪ ዝማዕበሉ ገዛእትና ከቕርብ እዩ ትጽቢት ዝግበረልና። እዚ ከኣ ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ኣትግበሮ ኣለና።

2. ንሕና ኣህላኽቲ ብገዛእትና ዝቐረበልና ቴክኖሎጂን ዝተማስርሑ ሃገራትን ክንክውን እዩ ትጽቢት ዝግበረልና። ብዙሓ ከኣ ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ዝ ኮሲ ኣለና።

3. ልዕሊ ኩሉ፡ ንሕና ብስም ምዕባለ፡ ምፍጣር ዕዮ፡ ምትሕግጋዝ ዝበሉ ኣህረፍቲ ቃላት መጕሓፊ ዝበለየን ኣብ ምዕራብ ኣጉዳስኩ፡ ዘብቀፀን ቴክኖሎጂ ከም መግጣጠሚ ስርዓተ-ሰንዓ ዝኣመሳሰለ ክንክውን እዩ ትጽቢት ዝግበረልና። ብዙሓ ግን ከምዚ ዓይነት ቴክኖሎጂ ኣብቲ ዝተሓተ ኣህጉራዊ ሰንሰለት ናይ ዋጋ፡ ኣብቲ ዝተሓተ ናይ ምዕባለ ደረጃ እዩ ዝኣስረና። እዚ ከኣ ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ኣትግበሮ ኣለና።

ብርግጽ እዚኦቶም እዮም እቶም ክሳብ ሕጂ ዝቕጽሉ ዘለዉ መግዛእታዊ መዋቕራት። ግን ከኣ መግዛእቲ ንምዕባለ፡ ንፍትሓ፡ ንደሞክራሲ ...ወዘተ ተባሂሉ ከምዘይተነድፈ ክንዝክር ይግባእ። መግዛእቲ ሰብኣዊ ማሰላት ዘኽብር ስርዓታት ክፈጥር ኣይኮነን ተኑዲፉ። መግዛእቲ ኀጸዋ፡ ዓማጺ፡ መዝመዚ፡ ዘይደሞክራስያዊ፡ ዘይፍትሓዊ ስርዓት እዩ። ስለዚ፡ ብኸመይ ደኣ ሎሚ ዝ መልክዑ ዘይቀየረ መግዛእታዊ ንድፊ ፍትሒ፡ ምዕባለን ደሞክራሲን ክፈጥር ንጽበ፧ እዚ ስለዝኾነ ኢና ከኣ ብዓለም ኮነ ብኣህጉር ደረጃ ኣብ ዝትግበሩ ናይ ኣከባቢ ዛዕባታት፡ ብመዋቕርን ብቑጠባን ካብ መግዛእቲ ሓራ ዘይኮነ ስርዓት እናሃለወ ካርቦን ነጻ ዝኾነ ኣከባቢ ክፍጠር ኣይክእልን እዩ ንብል። ብተመሳሳሊ፡ መዋቕራውን ቁጠባውን ሓርነት ዘይተጎናጸፈ ስርዓት እናሃለወ ስርዓተ ደሞክራሲ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ኣገዳሲ ኒኢጋሲ ዝኾነ ቅዋም ክህልወካ ይኽእል እዩ። ኣገዳሲ ግሉጽ ብዝኾነ ስርዓት ምርጫ ዝተሓርዩ ግሉጻት መራሕቲ ዘቖምዎ መንግስቲ ክህልወካ ይኽእል እዩ። እዚ መንግስቲ'ዚ ስልጣን ምስ ሓዘ ህዝቢ ዘቕረቦሉ ጠለብ ከማልእ ይብሎ። ግን ኣይክእልን። ምኽንያቱ ኣብ ቁጽሪ ሓደ ዝሰራዕ ቀዳምነት ናይ ባጀቱ ምኽፋል ወለድ ናይ ዕዳ እዩ። ስለዚ እቲ ዝቖወም መንግስቲ ድሮ ኣብ ናይ ዕዳ መጻወድያ ዝተቖርቀረ እዩ። እቲ መንግስቲ ንኹሎም ማሰረታውያን ጠለባት ህዝቢ ብቕዓምነታት ክሰርዕ ምስጀመረ ብሰሪ'ቲ ዕዳ ሕጽረት ገንዘብ ስለዘጋጥሞ ደሞክራስያዊ ግዴታኡ ክረጋግጽ ኣይክእልን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ መንግስቲ ክልተ ኣማራጺ ጥራይ ይህልዎ። ወይ ደሞክራስያዊ ሓሳብ ጠቕሊልካ ንሓፍትካ ማሰረታዊ ጠለባት ህዝብኻ ኣኺኽካ ኣብቲ ዝጸንሐ መንገዲ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን ምዝመዛ ንዕዳኻ ምቕጻል፣ ወይ ከኣ ቆራጽካ ተላዒልካ ኣንጻር'ቲ ሓሊኹ ሒዙካ ዘሎ መግዛእታዊ መዋቕር ምቅላስ፡ ማሰረታዊ ጠለባት ህዝብኻ ንምምላእን ማስርሕ ደሞክራሲ ንምዕባዘን ክሳብ ደጋዊ ዕዳ ዘይምኽፋል'ውን ክትከይድ ትኽእል። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግን እዚ ዳሕረዋይ ኣማራጺ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ብፍላይ ከኣ ከም ሃገር በይንኻ ምስ እትኸውን። ንሕና ንደፍኣሉ ዘለና ሓሳብ'ምበኣር፡ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ሓደ ዓይነት መጻወድያ ጥሒለን ስለዘርከባ፡ ሓቢርካ ንሕብረት ኣፍሪቃ ዝውክል ስትራተጂ ብምሕንጻጽ ብጥሙር ካብዚ መጻወድያ'ዚ ምውጻእ ዝቐለለ እዩ ዝበል እዩ። ዘይከሙቱ ኣብ ዋዕላታት ክንራኸብ እንከለና ብዛዕባ ሕብረት ኣፍሪቃ ንሓድሕድና ንለዋወጦ ፍረ ዘይህብ ጥዑም ቃላት፡ ብጥሙር ርእሱ ምርኮሳን ሓድነትን ካብዚ መጻወድያ'ዚ ምውጻእ ዝከኣል። እዚ እዩ ከኣ ንኣፍሪቃ መጠነ ሕንጻጽ ክኸውን ዝኽእል።

- **እዚ ጽማቕ ኢኻ ሂብካና ዘለኻ። ነፍሲ-ወከፍ ኣፍሪቃዊ ኽክርድኦ ብዝርዝር ክትገልጸልናዶ ምኽኣልካ?**

ብርግጽ። እስከ በቲ መብዝሕትኡ ሰብ ዘድህበሉ ምልክት ክንጅምር። ዕዳ። ዓቢ ጸገምና ናይ ወጻኢ ዕዳ እዩ። ክስመረሉ ዝግባእ ከኣ ዕዳ ብዶላራትን ብዩሮን ብናይ ወጻኢ ባጤራታትን ምዃኑ እዩ። ምንጪ ካብ ወጻኢ ምልቃሕ፡ ምንጪ ናይዚ መጻወድያ ዕዳ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃ ኣብ ሰለስተ መሰረታውያን ዓውድታት ክኽፈል ይኽእል። 1. ሕጽረት መግቢ 2. ሕጽረት ጸዓት 3. ሕጽረት ዋጋ ዝወሰኸ ትሕዝቶ ዘለዎ ስርዓተ-ሰንዓ (ቴክኖሎጂ)።

ብማሰረት ናይ ቀረባ ጸብጻብ ዋዕላ ወድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ንግድን ምዕባለን፡ ሎሚ ኣፍሪቃ 85% ናይ መግቢ ካብ ደገ እያ ተእቱ። ካብ ሚእቲ ዓመት ኣብ ዘይበዝሕ እዋን፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ማለት'ዩ ንሕና ኣፍሪቃውያን ሞሶብ ገዛእቲ ሓይልታት ኢና ነይርና። ብመግቢ ርእስና ክኢልና እሰይደ ንልእኽ ነይርና። እዚ ለውጢ'ዚ ብወዝቢ ዚጋጠመ ኣይኮነን፡ ኮነ ኢልካ ብመጻናዕቲ ዝተገብረ እዩ። ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ 1950ታትን መጀመርታ 60ታትን ናጽነተን ክረኽባ ምስ ጀመራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ 1955 ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ማሰረት ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾነ ስምምዕ ሮማ ክኽትማ ከለዋ ካብ ዝዘተያሉ ሓደ ማሰረታዊ ኣርእስቲ ብዛዕባ ልኡላውነት መግቢ እዩ ነይሩ። እተን ሃገራት ብመግቢ ኣብተን ግዙኣተን ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ ምምርኳስ ከምዘየዋጽአን ብምስትብሃል ኣብ ሃገረን ኣብ ሕርሻ ገዚፍ ወፍሪ ክገብራ እየን ወሲነን። ኣብ 1962 ከኣ ኤውሮጳዊ ሓባራዊ ፖሊሲ ሕርሻ ኣተኣታተዋ። በዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ንፍርያት ቀንዲ እኽሊ ቀዳምነት ዝሀበ ገዚፍ ድጎማ ዝግበረሉ ስርዓት ኣተኣታተዋ። ከም ወጽኢቱ ዕፉን ስርናይ፡ ፋጆል፡ ብሓጺሩ እቶም ዝኾነ ህዝቢ ንቀጻልነቱ ዘድልዮም ማሰረታዊ ዓይነታት እኽሊ ብብዝሒ ከፍርያ ጀመራ። ሃገራት ኤውሮጳ ጥራይ ዘይኮና ድማ እተን ካልኦት ብቑጠባ ዝበልጸጋ ሃገራት ከም ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ኣውስትራልያ፡ ጃፓን፡ ሕብረት ሶቭየት ነበር ...ወዘተ እውን ተጻምበራኦ።

በዚ ምኽንያት'ዚ፡ እቶም ዝድገም መንግስቲ ዘይብሮም ሓረስቶት ኣፍሪቃ ምስቶም ብገዚፍ ድጎማ ዝፈርዩ ዝበዑ እኽሊ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ክወዳደሩ ስለዘይከኣሉ ካብ ጸወታ ወጹ። ከም ሳዕቤኑ፡ ምፍራይ ቀንዲ እኽሊ ኣቋሪጾም ኣብ ምፍራይ'ቶም ከም መመላእታ መግቢ ዝፍለጡ ንሰደድ ዝዓለሙ ዓይነታት ምህርቲ ከም ቆጽሊ ሻሂ፡ ቡን፡ ካካው፡ ትምባኾ ...ወዘተ ተሓጽሩ። ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚርና ከኣ ኣፍሪቃውያን ናብ ዘይፍርዮ እንዛምሩ እንዝምሮ ከኣ ዘይፍሪ ተቐየርና። ገዛእትና ግን ብዘተወሃሃደ ፖሊሲ ኮይኖም ቀንዲ እኽሊ ልዕሊ ዘድልዮም ብምፍራይ ልኡላውነት መግቢ ብምርግጋጽ ንእኽሊ ከም ቀንዲ ፖለቲካዊ መሳርሒ ክጥቀምሉ ጀመሩ። ኣብ 1950ታትን 60ታትን ኣብ መብዝሕትኦን ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተኸስተ ዓጸቦ ኣፍሪቃውያን ሓረስቶት ብሰሪ'ቲ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳን ካልኦት ሃገራትን ብድጎማ ዝፈሪ ዝበዝሐ እኽሊ ኣብ ዕዳጋታት ሃገሮም'ውን ከይተረፈ ክወዳደሩ ብዘይምኽኣሎም ምፍራይ ስለዘቋረጹዎ ዚጋጠመ እዩ ነይሩ። ከም ሳዕቤኑ፡ መብዝሕትኦን ሃገራት ኣፍሪቃ እኽሊ ሸሚተን ህዝበን ክዕንግላ ዘኽእለን ቁጠባዊ ዓቕሚ ስለዘይነበረን ነቲ ኣብቲ እዋን ዝተኸስተ ዓጸቦ ንምዕጋስ ረድኤት ክቕበላ ግድን ኮነን። እዚ ከኣ እቲ ናይ መውዳእታ ማስማር ኣብ ሳንዱቕ ሬሳ ልኡላውነት መግቢ ኣፍሪቃ ኮነ።

ሃገራት ኣፍሪቃ ምፍራይ ንሰደድ ዝዓለመ ቆጽሊ ሻሂ፡ ቡን፡ ካካው፡ ትምባኾ ...ወዘተ ከም ቀዳምነት ብምሓዝ ብኡ ዝተረኽበ ዶላራት ኣኪቡካ ማሰረታውያን እኽልታት ከም ዕፉን ስርናይ፡ ሩዝ ... ወዘተ ምሽማት ብመደብ ተተሓሓዘኦ። እዚ ሃገራት ኣፍሪቃ ርእሰን ንኽይክእላ ኮነ ኢልካ ዝተሰርሓሉ ደኣ'ምበር ብወዝቢ ዝተኸስተ ኣይኮነን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንሕና ኣፍሪቃውያን ኣብ መንጎ ወሕስነት መግብን ልኡላውነት መግብን ዘሎ ፍልልይ ብጌጋ ንርድኦ ኢና ዝበል እምነት የብለይን። ካብዚ ዝጠቕስ እዩ ዝማስሉ ገለ ገለ መራሕቲ ሃገራት ከይተረፉ ክሳብ'ዚ ሰዓት'ዚ ብዛዕባ ኣገዳስነት ወሕስነት መግቢ ደጋጊሞም ክዛረቡ ዝሰምዑ። ኣብዞም ክልተ ኣምር ዘሎ ፍልልይ ብጌጋ ምርዳእ ግን ንዘኸኣ ሕብረተሰብ ካብ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ወሕስነት መግቢ ወጺኡ ናብቲ ርሒብ ኣተሓሳስባ ልኡላውነት መግቢ ከምዝደህብ ስለዘተዕብር ኩነታት ክፍትን እዩ።

ወሕስነት መግቢ ዝበል ኣምር ብማሰረቱ ኣብ 1950ታትን 60ታትን ናብ ኣህዛብ ኣፍሪቃ ዝተኣታተወ ኣዝዩ ሓደገኛ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን ኣምር እዩ። ብርግጽ መን ኣሎ ወሕስነት መግቢ ዘይደሊ ክበሃል ይከኣል እዩ። ይኹን'ምበር እቲ ሓረግ ከኒታዊ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሓደ ሃገር ወሕስነት መግቢ ኣረጋጊጹ ክበሃል እንተኮይኑ መኣዛዊ መግቢ እንተስ ኣፍርዩ እንተስ ሸሚቱ ንህዝቡ ክሕግል ክኽእል ኣለዎ። ተለቂሕካ ካብ ደገ ብምሽማት ወይ ከኣ እቲ ዝሽፍእ ብረድኤት ህዝብኻ ምዕንጋል ግን ወሕስነት መግቢ ኣረጋጊጽካ ዝበል ኣይኮነን። ተለቂሕካ እኽሊ ምሽማት ኣብ መጻወድያ ዕዳ ዘእቱ መመለሱ ናብ ድኽነት ዝሸምግን ኣብ መውዳእታ'ውን ዘለቅሕ ስኢንካ ናብ ምልማን ረድኤት ዝመርሕን ሰንምቲ እዩ። ረድኤት ከኣ እቲ ዝኸፍአ ኣብ ልዕሊ ሓረስቶትካ ዝፍጸም ተግባር እዩ። ሓረስቶት ምስ'ቲ ብጻ ካብ ደገ ዝመጸእ እኽሊ ኣብ ዕዳጋ ክወዳደሩ ስለዘይክእሉ ኣብ መወዳእታ ዘልምሶም ተግባር እዩ።

ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ወሕስነት መግቢ ጥራይ ኣድሂበን ክዓያን ናብ ልኡላውነት መግቢ ከየቋምታን ኣብ 1950ታት ብገዛእተን ዝተወሰደ ስጉምቲ ኩናት ሪኻን ዩክረይንን ምስተወለዐ ኣብ ሃገረ ፈረንሳ ተዘክሮቹ ቀዳዩ ኣሎ። ናብ ሃገረ ፈረንሳ እንተኸይድካ (ፈረንሳ ሓንቲ ካብተን ቀንዲ ብድጎማ ገዚፍ እኽሊ ዘፍርያ ሃገራት እያ) መጻወዲ ስም ሚኒስትሪ ሕርሻ ናይታ ሃገር "ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ልኡላውነት መግቢ" እዩ ዝበል። ኣብ መንጎ ሪኻን ዩክረይንን ኩናት ምስተወለዐ ሚኒስተር ሕርሻ ሃገረ ፈረንሳ ናብ ኩለን መራኸቢ ብዙሓን ማለት ሬድዮ፡ ቲቪን ጋዜጣታትን ከይዱ እዩ ተረኺዩ። ንህዝቢ ፈረንሳ ከኣ "ብዛዕባ ኩነታት መግብና ክትሻቐሉ ኣይደልየኩምን እዩ። ግዚያዊ ምምዛባል እዩ፡ ቀልጢፍና ክንፈትሖ ኢና ምኽንያቱ ኣብ ልኡላውነት መግብና ካብ 1960ታት ጀሚርና ኣውፊርና ኢና። ብዛዕባ መሓዙትና ሃገራት ኣፍሪቃ ደኣ ተሻቐሉ ወሕስነት መግቢ ዘይብለን" ክብል ተሰሚዑ። ኣስተውዒልኩም እንተኾንኩም እዚ ሚኒስተር ኣብ ዘረባኡ ካብ "ልኡላውነት መግቢ" ንፈረንሳ ናብ "ወሕስነት መግቢ" ንኣፍሪቃ እዩ ብቖጥታ ቀጺሉ። እዚ ከኣ ብኣጠማምታ ሃገራት ኤውሮጳ ቅኑዕ እዩ። ምኽንያቱ ገዛእትና ኣብ ወሕስነት መግቢ ክንሕጸርምበር ኣብ ልኡላውነት መግቢ ኣድሂብና ክይንሰርሕስ ካብ 50ታት ጀሚሮም ሰሪሖምሉ እዮም።

ስለዚ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ልኡላውነት መግቢ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘድሃበ ወፍሪ ከኪይዱስ ይትረፍ ከም ኣምር'ውን ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ክህሉ ድሌቶም ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኤውሮጳውያን ነቲ ዘፍርይዎ ልዕሊ ዓቕን ዝሸይጡ እኽሊ ንሃገራት ኣፍሪቃ ንምንብርካኽ ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ እዮም ዝጥቀምሉ። ስለዚ ንሕና ኣፍሪቃውያን ብወሸጣዊ ዓቕምና ኣብ ልኡላውነት መግቢ ኣድሂብና እንተዘይሰሪሕና ካልኦት መጺኦም ከውፍሩልና ፍጹም ዝሕሰብ ኣይኮነን። ዝ ኢና ከኣ ኣፍሪቃውያን ነዊሕ ዝጠመተ ስትራተጅያዊ ራኢይ ናይ ለውጢ ክህልወና ኣለዎ ንብል። ናይ ገዛእ ርእስኻ ራኢይ ምስ ዘይህልወካ፡ ሮንጃና እዩ፡ ድሮ ኣካል ናይ ካልእ ሰብ ራኢይ ኢኻ ንሕና። ስለዚ፡ እዚ ኮነ ኢልካ ዝተሰርሐሉ መግዛእታዊ ንድፊ'ዩ እቲ ቀዳማይ ንኣፍሪቃ ሓሊኹ ሒዙዋ ዘርከበ መዋቕራዊ መጻወድያ።

ይቕጽል . . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Commercial & Logistics Superintendent
Number required – (01)
Type of contract – Definite (2 years)

Major Duties and responsibilities

- Oversee AMSC Commercial and Logistics activities procure to pay process, logistics, expediting, ensuring total compliance to processes, etc
- Ensure cost effective procurement that ensures least cost buying of quality material.
- Identity cost saving opportunities within the company value chain.
- Deepen the effective use of the ERP system (Pronto).
- Mentor team members.
- Assist Finance and Admin Manager in driving value through cost effectiveness and efficiency.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensure good safety practices in all work stations.
- Overall responsibility and supervision of the procurement and logistics function.
- Assist the Finance and Admin Manager in crafting and implementing procurement and logistics strategy.
- Ensure adequate processes and procedures are in place to support the procure to pay process.
- Ensure adequate controls are in place for an effective value chain system, to maximize investment returns.
- Ensure supply chain and logistics leverages on systems and new technologies.
- Develop operational and performance metrics (KPIs), including expediting and tracking
- Develop and maintain relationships with all relevant stakeholders.
- Ensure the business gets the best terms possible from vendors and service providers
- Ensure effective management of working capital in liaison with user departments.
- Ensure compliance with industry regulations and company policies.
- Train and mentor supply chain team members.
- Collaborate with other departments to align supply chain processes with business goals.
- Prepare and present reports on supply chain performance.
- Resolve any issues or discrepancies in the supply chain process.
- Negotiate contracts and agreements with suppliers and service providers
- Ensure accurate record-keeping of all supply chain activities.
- Assist in managing logistics and transportation of Capex and Projects Material
- Ensure safe delivery and storage of Capex and Project Material
- Stay updated on industry trends and best practices.
- Lead supply chain projects and initiatives (Continuous improvements)

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Degree in Business or Supply Chain
- Good Systems and Microsoft tools knowledge (ERP knowledge a prerequisite

Working Experience – Nature & Length

- Minimum 3 years as Superintendent or equivalent role.
- 10 years Supply Chain experience
- Knowledge of Mining, Business & Commercial acumen

Technical Skills

- Minimum 5 years as a Superintendent or higher.
- General understanding of mining and processes to offer effective supply management

Behavioral Skills

- Communication (English & local language)
- Analytical and problem shooting mindset.
- Results oriented
- Ability to work toward strict deadlines
- Assertiveness
- Strong Interpersonal skills
- Discretion
- Integrity
- Self-discipline
- Ability to work in multi-disciplinary environment
- Risk management & assessment

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: Definite Period (2 years)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Applicants Should Attach Authenticated Educational Documents.
- Applicants Should provide letter of service from former employers.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:

Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## BISHA MINING SHARE COMPANY

### ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ቢሻ እዚ ዝስዕብ ብቑፅን ጥፅንኡ ዝሓለወ ጽሩፍ ናይ ሾርን በርበረን ቀረብ ክቐርቡ ንዝኽእሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

* ተጫረትቲ፡ ትካሎም ብዝምልከቶ ሚኒስትሪ ተፈላጦነትን ምስክርነትን ዘለዎ ኮይኑ፡ ደረጃ ብቐዓቱን ጥፅንኡን ዝተሓለወ ክኸውን ኣለዎ።

*ብዝሕን ዓይነትን ጠለብ ዕደጊ ብመሰረት ትእዛዝ (PUrchase order) ከከም ኣድላይነቱ ክወሰኽ ወይ ክጎድል ይኽእል።

* ተጫረትቲ ንዝሕተት ቀረብ ብጥፅንኡ፡ ብብቐዓቱን ብዝሑን ብዘይ ጎደሎ ክቕርቡ ምኳኖም ፈሊጦም ክቐርቡ ኣለዎም።

* ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት ቅቡል፡ ምስ ሓቀኛ ህልው ዕዳጋታት ዝሰረደን ኮይኑ ንብረት ዝገልጽን ክኸውን ይግባእ።

* ኣብ ግዜ ምጽዓን፡ ኣተዓሻሽጋን (PACKING) ኣቀማምጣን ፍርያት ልዑል ቆላሕታን ጥንቃቐን ዝሀቡ ክኾኑ ይግባእ።

* ተጫረትቲ ናይ ንግዲ ፍቓዶም ዝተሓደሰ ክኸውን ኣለዎ።

* ተጫረትቲ ክፍሊት ብሰም ቲ ልቸንሳ ክፍጸም ምኳኑ ክፈልጡ ይግባእ። ስም ቅብሊትን ልቸንሳን ክሳነ ኣለዎ።

* ተጫረትቲ ናይ ግብሪ ግዴትኦም ዝማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።

* ተጫራታይ ወኪል እንተኾይኑ/ና ብዝተፈቕደ ገድብ መሰረት ዝተሓደሰ ሕጋዊ ውክልና ክቐርብ ኣለዎ።

መጫረቲ ፎርም ኣብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ካብ ክፍሊ ዕደጊ ወሲድካ ምምላእ ይከኣል።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቢሻ (ኣስመራ) ብምቕራብ ወይ 124941 ብምድዋል ንክፍሊ ዕደጊ ክትወከሱ ትኽእሉ።

ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ድሕሪ 10 መዓልታት ይኸውን።

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ወይ ንረብሓ ትካል ዘይከውን ኮይኑ እንተረኺብዎ፡ በዚ ጨረታ ከምዝይግደደን ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ክሰርዞ መሰል ከምዘለዎን ክንሕብር ንፈቱ።

ትካል ዕደና ቢሻ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Cost & Management Accountant
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities
- Perform accurate costings of processes, activities and products,
- Draw up routine management accounting reports.
- Provide financial data for adhoc decision support.
- Act as a business analyst and providing performance measurement metrics.
- Deepen the effective use of the ERP system (Pronto).
- Mentor team members.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
- Establish and maintain financial policies, procedures, processes and management information systems. Ensure processes are documented in elaborate structures including flowcharts etc.
- Ensure operational data (physicals and financial) are collected and organized into flexible and manipulable data sets.
- Prepare periodic (monthly, quarterly and annual) financial statements, including profit and loss accounts, budgets, forecasts, cash flows, adhoc reports, variance analysis and commentaries
- Prepare operational and performance metrics including business unit, activity, process, product costing etc
- Assist in the development of long term financial planning tools including LOM financial models
- Provide a support service by working with all departments and the management team to help make financial decisions
- Ensure expenditure is kept in line with the budget
- Assist to inform key strategic decisions and formulate business strategies.
- Advise on the financial implications of business decisions.
- Analyze financial performance and contribute to medium and long-term business planning and forecasts.
- Offer professional judgement on financial matters and advise on ways to improve business performance
- Interpret and communicate financial data to non-financial managers
- Liaise with other function managers to put finances and accounts in understandable context.
- Monitor and evaluate financial information systems and suggest improvements where needed
- Implement corporate governance procedures, risk management and internal controls.
- Assist the Finance and Admin Manager in preparing Board packs and other stockholder presentations.
- Mentor team members within and outside the department.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Degree in Accounting or equivalent
- Full CIMA/ACCA
- Good Systems and Microsoft tools knowledge (ERP knowledge a prerequisite

Working Experience – Nature & Length
- 5 years Management Accounting experience in a Mining Environment.
- Knowledge of Mining, Business & Commercial acumen

Technical Skills
- Minimum 5 years Management Accounting experience.
- General understanding of mining costing and management information systems.

Behavioral Skills
- Communication (English & local language)
- Analytical and problem shooting mindset.
- Results oriented
- Ability to work toward strict deadlines
- Assertiveness
- Strong Interpersonal skills
- Discretion
- Integrity
- Self-discipline
- Ability to work in multi-disciplinary environment
- Risk management & assessment

General Information and other requirements:
- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Applicants Should Attach Authenticated Educational Documents.
- Applicants Should provide letter of service from former employers.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara

- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣነ ሃይለ ክፍለ ጉብረማርያም፡ ኣብ ከተማ ዓዲ ኳላ ምም/ከባቢ ማይላፎ ዘሎ ሕጋዊ ትካል መፍረ ኀህዘበ፡ ብጨ/መሬትን ማይን ኣከባብን ዞባ ደቡብ መንደፈራ ዝተዋህበኒ ሊዝ (ኣጠቓቕማ መሬት) ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሐዘዮ ወይ ረኺቡዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተቓላሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቁ/ቴሌፎን 07268389 እንተዘይሓብሩኒ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክወሃበኒ ኩሉትት ምኳነይ ብትሕትና እሕብር።

ሃይለ ክፍለ ጉብረማርያም

---

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን/ዞባ ማይተመናይ ዚፕ 1A114 ጎደና ማርሳ ጉልቡብ ቁጽሪ 108 ፕሎት 25 ፓርሰል ኤስ(S) ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ ቁ. ተመዝጊቡ ንብረት (ካዳስተር) 1BRASM019335 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ብዕድጊ ካብ ይትባርኽ ጉብረክርስቶስ ወልደስላሴ ናብ ነ/ሄር መርሃዊን ዘርኡ ዑቕባሚካኤል ክተሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ፡ ስም ምትሕልላፍ ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ጸጋል ጉብረመስቀል ጉብረገርግሽ

# ስፖርት

## ሃገራዊ ውድድር ክለባት ኰዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ፈሊሙ

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ሃገራዊ ውድድር ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ “ዕብየት ኩዕሶ እግሪ ብስሩዕ ውድድር” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ትማሊ ቀዳም ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ፈሊሙ።

እዚ ውድድር፡ ከከም ደረጃ ክለባት ኣብ ክልተ ምድብ ‘ሀ’ን ‘ለ’ን ተኸፊሉ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብ ምድብ ‘ሀ’፡ ዝሓሸ ቁመና ዘለወን ኣርባዕተ ጋንታታት ናይ ዞባ ማእከል ውድድረን ክካይዳ እየን። ትሕት ዝበለ ቁመና ከምዝለወን ዝተገምገማ ሸሞንተ ጋንታታት ከኣ፡ ኣብ ምድብ ‘ለ’ ተሰሪዐን ይርከባ። እዛ ምድብ፡ ኣኣርባዕተ ክለባት ዝሓዛ ክልተ ጉጅለ ሒዛ ኣላ። ካብ ክልተኡ ጉጅለ ዝሓለፋ ክልተ ጋንታታት ድማ፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሰጊረን ናብ ፍጻመ ንምሕላፍ ክጻወታ እየን። እዚ ሚሌት፡ ኣብ ክልተኡ ምድባት ኾነቱ ዕዉታት ጋንታታት ክህልዋ እየን።

ኣብዚ ትማሊ ሓሓንቲ ጸወታ ካብ ክልተኡ ምድብ ዝተኻየደሉ ዕለት፡ ፈለማ ካብ ምድብ ‘ለ’ ጉጅለ ክልተ - ጋንታታት ጋሽ ባርካን ዓንሰባን ተጻዊተን። ኣብዚ ዝሑልን ሓሓሊፉ ፈተነ ሸቶ ዝተራእየን ጸወታ፡ ዓንሰባ ኣብ መበል 20 ደቒቕ ካብ ያሶሚን በየነ ብዝረኸበቶ ሸቶ 1-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ’ውን ቀዳማ ሸቶ ዘመዝገበት ዓንሰባ ነይራ። ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ግዜ ሓሙሽተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተላዕለ፡ ሚሌት ታደሰ ናብ ልዳት ጋሹብርካ ብዘመዝገበታ ሸቶ ዓንሰባ ወጽኢት ብምዃሕ ናይ ዓወት መገዳ ኣጣጥሐት።





ብልጽቲ ተጻዋቲት ዝተባህለት ናይ ዓንሰባ ያስሚን በየነ

ሓሓሊፉ ክትጥቀመለን ዘይከኣለት ዕድላት እትፍጥር ዝነበረት ጋሹብርካ፡ ኣብ መበል 79 ደቒቕ ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሸቶ ኣመዝጊባ። ንዝተረኽበት ፍጹም ቅላዕ ናብ ሸቶ ዘቐየረታ የዋና ተወልደ ነይራ። ግዜ ብምእኻሉ ግን፡ ኣቐዲማ ዝረብሐት ዓንሰባ 2-ብ1 ተዓዊታ። ብልጽቲ ተጻወቲት ናይዛ መኽፈቲት ጸወታ ድማ፡ ናይ ዓንሰባ ያሶሚን በየነ ተሰምያ።

ካልኣይቲ ጸወታ ናይቲ ዕለት፡ ንናይ ዞባ ማእከል ጋንታታት ደንደንን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ዘራኸበት ነይራ። ደንደን፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ዓብላሊት ብምዃና፡ እዛ ጸወታ ብቐሊሉ ክትዕወተላ ተገሚታ ነይራ። እንተኾነ፡ መንእሰያት ተጻወትቲ ሰገነ፡ ዘርኣያኦ ምንቅስቓስ ዝሓሸ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ እብረ ካብ ደንደን ዝሓሸ ዕድላት ክፈጥራን ሰሪ ሓይሊ ዝውሓደ ቅላዕን ግን፡ ንሓላዊት ልዳት ብዘኾኸ ክብደሃኣ ዘይከኣላ ኳዓሶ ብተደጋጋሚ ፈቲነን እየን። ዝያዳ ናይ ምቁባል ኩዕሶ ብሉጽነት ዘለወን ተጻወትቲ ደንደን’ውን ብዙሓዊ ልዳት መጋጥምተን ኳሕኩሐን እየን።

ቀዳማይ እብረ ሸቶ ዘይተመዝገቦ እዚ ጸወታ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ እንኾ ሸቶ ጥራይ ተመዝጊቡዎ። ደንደን ሄለን ሚካኤል ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ብዘመዝገበትላ ሸቶ፡ 1-ብ0 ተዓዊታ። ኣባል ፍትሓዊት የውሃንስ ድማ ናብዚ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ 9፡00 ቅ.ቀ ናይ ምድብ ለ - ጉጅለ 2 ጋንታታት ጉዳይፍን ምምሰማባልን ብዝካይዳኦ ጸወታ ክቕጽል እዩ።


ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ ካልኣይቲ ጸወታ ኣባል ደንደን ፍትሓዊት የውሃንስ ሽልማታ ካብ ሚኒስተር ኣስካሉ መንቀሬዮስ እናተቐበለት

## “ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም፡ ካብ ሩዋንዳ ናይ ምቕያር መደብ የለን” ዩሲኣይ

ኣመሓዳሪ ኣካል ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ዝኾነ ዩሲኣይ፡ ብሰንኪ ኣብ ጎርቤት ሃገሩ ሩዋንዳ ዝኾነ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ኣጋጢሙ ዘሎ ግጭት፡ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2025፡ ካብ ሩዋንዳ ናብ ምቕያር መደብ ከምዘይብሉ ገሊጹ።

ሩዋንዳ፡ ፋልመይቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ንሻምፕዮንስ ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ዘኣንገደት ክትከውን እያ - እዚ ካብ 21 ክሳብ 28 መስከረም ዝካየድ ውድድር ምስ ኣሰናደኣቶ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ጎረቤት ሃገር ደሪኮንጎ ኣብ መንጎ መንግስቲን ተቓውሚ ጉጅለን ኣጋጢሙ ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ኩናት፡ እዚ ዓቢ ኣህጉራዊ ውድድር ኣብ ሩዋንዳ ንምክያድ ውሑስ ከምዘይኮነ ብዙሕ ወገናት ክገልጹ ጸኒሖም።

“ሩዋንዳ ንቱሪዝምን ንግዲን ውሕስቲ ኮይና ክትቕጽል እያ” ዝበለ ዩሲኣይ፡ “ድሕሪቲ ክዘርጋሕ ዝቐየ ወረ፡ ዩሲኣይ ኣብ ዝኾነ እዋን ሻምፕዮን ዓለም ካብ ሩዋንዳ ናብ ስዊዘርላንድ ወይ ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምቕያር መደብ የብሉን።” ክብል፡ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።



ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ዙር ሩዋንዳ

ንዚ ምዕባለ ብቐረባ ይከታተሎ ምህላዉ’ውን ዝገለጸ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም፡ እቲ ጉዳይ ብሰላማዊ መገዲ ክፍታሕ ተተስፊዩ።

ሩዋንዳ ዝመጽእ 23 ለካቲት ክሳብ 3 መጋቢት ናይ ሃገራው ውድድር ‘ዙር ሩዋንዳ’ ክተካይድ እያ። ኣብዚ ውድድር ጸቡቕ ስም ዘለዋ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ከኣ ክትሳተፍ ምዃና መደባት ሃገራዊ ፌደረሽን የረድእ።

## ሃገራዊ ቅድድም ብሽክለታ ይካየድ ኣሎ




ሃገራዊ ውድድር ኢራጅጅር ቅድድም ብሽክለታ 2025፡ ቀዳም 2 ለካቲት ኣብ ከተማ ባጽዕ ብናይ በረኻ ጸወታ ፈሊሙ።

ኣብዚ ናይ ዕድመ 17ን 18ን ውድድር፡ ደቂ ተባዕትዮ 132 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነ ካብ ባጽዕ ተበጊሶም ጊንዳዕ በጺሖም ኣብ ባጽዕ ውድድር ዛዚሞም። ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣብ መስመር ባጽዕ - ጋሕቴላይ - ባጽዕ 84 ኪሎሜተር ሸፊነን።

ኣብዚ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ውድድር፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ፍሉይ ኣርእስቲ እንተነይሩ፡ ካብ ዞባ ዓንሰባ ዝወጸ ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ (ሓደ ካብቶም ብውልቆም ዝወጹን ሓርነት እትብል ጋንታ ኣቕሞም ዘለዉን እዩ) ኬቨን ኤፍሬም፡ ንበይኑ ንልዕሊ 60 ኪሎሜተር ዝተጓዕዞ እዩ። እዚ ተቐዳዳማይ፡ ንእትስዕቦ ዝነበረት ጉጅለ ክሳብ ናይ 2 ደቒቕን 40 ካልኢትን ፍልልይ ኣጊዲፉላ ነይሩ። ውድድር ክዛዘም ኣርባዕተ ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ግን፡ ቦታ ጉጅለ ተዋሒጡ።

ተቐዳዳማይ ጋንታ ትጻበት ዛራ - ሚልክያስ ዳኒኤል ከኣ፡ ብገምጋም ኣብ ሰዓት 37.6 ኪሎሜተር እናተጓዕዘ - ብ3 ሰዓት፡ 30 ደቒቕን 12 ካልኢትን ተዓዊቱ። ብተኸታታሊ ሓንቲን ሰለስተን ካልኢታት ድሒሮም ከኣ፡ ተቐዳደምቲ ጋንታ ናትና፡ ኤፍሬም ዘርኢጋብርን ኣዶናይ ቃልኣብን ተመራሪሖም ኣትዮም።

በዚ ወጽኢት፡ ብየዜ - ብ3 ሰዓት፡ 30 ደቒቕን 12 ካልኢትን ከምኡ’ውን ብ11 ነጥቢ ሚልክያስ መሪሒ ኮይኑ ናብዚ ናይ ሎሚ ውድድር ኣትዩ ኣሎ። ትሽዓተን ሸሞንተን ነጥቢ ዘለዎም ኤፍሬምን ኣዶናይን ከኣ፡ ብተመሳሳሊ ፍልልይ ግዜ ይስዕብዎ። ኣብዚ ናይ ትማሊ ውድድር፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተኣታተወ ሽልማት ብሉጽ ተቐዳዳማይ (Aggressive Rider)፡ ኬቨን ኤፍሬም ተዓዊቱላ።

እንተ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ውድድር ግን፡ ካብቲ ኣቐዲመን እንተውሓደ ክዝርማእ ዝተሓብረን ግዜ ብምጉዳለን፡ ውድድር ምስረዘ፡ እቲ ፌደረሽን ሓቢሩ። እቲ ፌደረሽን ንኹለን ጋንታታት ብገምጋም ኣብ ሰዓት ትሕቲ 30 ኪሎሜተር እንተኸይደን ውድድር ክሰረዝ ምዃኑ ከምዝሓበረን ገሊጹ። እቲ ናይ ትማሊ ጸወታ ከኣ፡ ኣብ ሰዓት ብገምጋም 27 ኪሎሜተር ብምጉዓዙ እዩ ተሰሪዙ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰንበት ብናይ ቸርኪቶ ውድድር ኣብ ወሸጢ ባጽዕ ክቕጽል እዩ። ደቂ ተባዕትዮ 110 ኪሎ ሜተር ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ 70 ኪሎ ሜተር ክሸፍኑ ምዃኖም ተፈሊጡ።

## ኣስቶን ቪላ፡ ንራሽፍሮድ ክተፈርሞ ቀሪባ

ኣስቶን ቪላ፡ ኣብ ማን ዩናይትድ ዘይምቹእ እዋን ዝሕልፍ ዘሎ ኣጥቃዓይ ማርከስ ራሽፍሮድ፡ ብልቓሕ ክተፈርሞ ቀሪባ ኣላ - ብመሰረት ጋዜጣታት ዓዲ እንግሊዝ።

ራሽፍሮድ፡ ድሕሪቲ 15 ታሕሳስ ብዮኣማኡ ሩበን ኣሞሪም ኣብቲ ኣንጻር ማን ሲቲ ዘካይድዎ ጸወታ ካብቲ ጋንታ ምእላዩ ካብቲ ናብ ጸወታ ኣይተመልሰን ኣሎ።

ራሽፍሮድ፡ ኣብቲ ወርሒ ‘ሓዲሽ ብደሆ’ ክፍትን ድልው ምህላዉ ምሕብሩን ዝሓለፈ ሰሙን ኣሞሪም “ኣብ ክንዲ ንራሽፍሮድ ንወዲ 63 ዓመት ሓላዊ ልዳት ክሰልፍ ይመርጽ” ብምባሉ ከኣ ዝምድናኦም ሻሕኸሩ ከምዝሎ የረድእ እዩ። በዚ ከኣ መጻኢኡ ዘይንጹር ከምዝሎን ስም ምስ ዝተፈላለያ ክለባት ተኣሲሩ ክለዓል ምጽናሑን ይዝከር።




ትማሊ ዝወጸ ዜና ከኣ፡ ዝርርብ ክልተአን ክለባት ምዕባለ ምርኣዩን ክሳማማዓ ቀሪበን ከምዝለዋን የረድእ። እዚ ናይ ሓጋይ መስኮት ምስግጋር ጸባሕ ሰኑይ ቅድሚ ምዕጻዉ ከኣ፡ ቪላ ክትውድኦ ትሰርሕ ኣላ፡ ንሓደ ካብ ኣጥቃዕታ - ጆን ዱራን ናብ ኣል-ናስር ዘሰጋገረት ቪላ፡ ኣብዚ ናይ ልቓሕ እዋን ንዝበዝሐ ክፋል መሃያኡ ክትኸፍሎ ምዃናውን ይግለጽ። ራሽፍሮድ፡ ሰሙናዊ 315 ሽሕ ፓውንድ ከምዝኸፈል’ዩ ዝንገር።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሃገራዊ ውድድር ክለባት ደቂ ኣንስትዮ
ጉዳይፍ - ምምሰማባል 9፡00 ቅ.ቀ

**ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል**

ኣልታሕረር - ኩባንያ ህንጻ ሳዋ 11፡30 ድ.ቀ
ደንደን - ኩባንያ ህንጻ ሰገን 1፡30 ድ.ቀ

**ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’**

ጉዳይፍ - ኩባንያ ሰምባል 3፡30 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ማን ዩናይትድ - ክሪስታል ፓላስ 5፡00 ድ.ቀ
ብረንትፎርድ - ቶተንሃም 5፡00 ድ.ቀ
ኣርሰናል - ማን ሲቲ 7፡30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ባርሰሎና - ኣላቨስ 4፡00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኤሲ ሚላን - ኢንተር ሚላን 8፡00 ድ.ቀ
ሮማ - ናፖሊ 10፡45 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ሃገራዊ ውድድር ክለባት ደቂ ኣንስትዮ
ገጀረት - ዕዳጋ ሓሙስ 3፡30 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ቸልሲ - ዌስት ሃም 11፡00 ድ.ቀ




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰንተራል | 02/02/2025 | ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20፡ ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |
| ፋርማሲ በራኺ | | ከባቢ ፊያት ታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |
| ፋርማሲ ናፃ | | ጎደና ዓደግት ቁ.ገዘ 214 ከባቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565